# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.59 | ቀዳም 8 ሕዳር 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ...


ገጽ 4
ቈልዒ ሽኮር


ገጽ 5
ሜላታት ኣፈታትሓ ግደላት ቍጽሪ


ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ባድሚንቶን



## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ንማሕበራዊ ልምዓት ተሳቲፉ



ብቐዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 4 ክሳብ 6 ሕዳር ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ኣብ ዝተቓነዐ ካልኣይ ዓለምለኻዊ ዋዕላ ንማሕበራዊ ልምዓት ተሳቲፉ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣብ ዘስመዕቶ መደረ፡ ጉዳይ ማሕበራዊ ልምዓት ብዮዱም ብዘሰገደደ መምርሒ ወይ ድማ ብምጽወታን ተመርኳሲትን ዘሰምር ስለዘይኮነ፡ ዘይገሰ ልኡላዊ ማሳል፡ ዝለዓለ ሃገራዊ ሓላፍነት፡ ከምኡ'ውን መሰረት ናይ'ቲ ብረዚን ዋጋ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ናጽነትና ከምዝኾነ ገሊጻ።

"ልምዓታዊ ፍልስፍና ኤርትራ፡ ኣብ ክልተ መሰረታውያን ዓንድታት ርእሰምርኮሳን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝተሰረተ'ዩ፡" ዝበለት ኣምባሳደር ሶፊያ፡ እዚ ድማ ንምዕሩይ ምዕባለን ልምዓትን ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዘገልግል ከምዝኾነ ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ - ነቲ ንምዕሩይ ምዕባለ ዝዕንቅጽ መዋቕራዊ ዘይፍትሓውነት ከወግድ ሞራላዊ ግዴታ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ትግባረ ዝሰገደደ በይናዊ ስጉምቲታት ደው ክብል፣ ሓቀኛ ሽርክነት ክተባብዕ፡ ከምኡ'ውን ትካላት ዓለማዊ ምሕደራ ብመንጽር ክውንነትን ድምጽን ናይ ኩለን ሃገራት ክመሓየሽ ተማሕጺና።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ልዕሊ 40 መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ዝርከቡዎም ወከልትን ሞያውያንን ተሳቲፎም።

## ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት፡ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ንምስሳን ገንዘባዊ ወፈያ ገይሮም

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ንምስሳንን ስድራ ስውኣት ንምድጋፍን ገንዘባዊ ወፈያ ከምዘዘከሩ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ናብ ኤሬና ኣብ ዝለኣኾ ጽብጻብ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኖርሾፒንን ከባቢኣን - ሽወደን 91,676 ናቕፋ፣ ማሕበረኮም ነበርቲ ከተማታት ሶደርሃምን ቦልናስን ከባቢኣንን - ሽወደን 40,935 ናቕፋ፣ ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሸስትሮስ - ሽወደን 2,235 ዩሮ፣ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ተረምሶ - ኖርወይ 31,800 ናቕፋ፣ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ካልጋሪ - ካናዳ ድማ 17,400 ዶላር ንመሰሰዪ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣበርኪቶም።

ብተመሳሳሊ፡ ብስም "ERITREA RED SEA PALTAK" ዝጽውዑ ግዱሳት ዜጋታት ተቐማጦ ጀርመን 4,300 ዩሮ፣ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ኣብ ቱቢንገንን ከባቢኣን 2,160 ዩሮ፣ ተቐማጦ ኒብሮንን ከባቢኣ - ሽወደን 1,440 ዩሮ፣ ማሕበር ኤርትራውያን ኣብ ኣላሳንከር - ኖርወይ 20 ሽሕ ክሮነር፣ ወ/ሮ ሸዋይነሽ ነጋሽ ብስም ነፍስሄር ጸገወይኒ ንገሰ 20 ሽሕ ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ተቐማጦ ከተማ ዘስትሮስንን ከባቢኣን - ሽወደን 14,303 ናቕፋ ንምንባይ ስድራ ስውኣት ወፍዮም።

## ማእከል - ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል፡ ጻውዒት ቀሪቡ

ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል ሓላፊ ኣሃዱ ምቍጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ክብረኣብ ተስፋሚካኤል ጸዊዑ።

ዜጋታት ብሰንኪ ጉድለት ሓበሬታ ንሕማም ዓሶ ከይቃለልዋ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ሰብ ሞያ ጥዕና ክሳብ ደረጃ ዓዲ ብምውራድ ኣብ ሜላታት ምክልኻሉ ኣተኩሮም ዘካይድዎ ጎስጓሳት፡ ንሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ ንፍሱጽራት ጸሬት ድማ ብፍላይ ናሙስያ ብጸ ከምዝዕደል ብምግላጽ፡ መልክፍቲ ሕማም ዓሶ ምስ ዝኽሰት'ውን ብእዋኑ ዝፍወሰሉ ስራሓት ከምዝዕመም ኣረዲኡ።

እቲ ኣሃዱ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሉ መደባት ምብራኽ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ኣገባብት ምቍጽጻር ናይ'ቲ ሕማም፣ ካብ መድረኽ ቅድመ ምጥፋእ ናብ ደረጃ ምጥፋእ ምስግጋር፣ ከምኡ'ውን ብሕማም ዓሶ ዘጋጥም ሞት ናብ ዜሮ ምውራድ ከምዝጠቓለል፡ ኣቶ ክብረኣብ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሕማም ዓሶን ካልኦት ኣራሰንቲ ሕማማትን ንምክልኻል፡ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከብ ዝዋቐረ ማይ፡ እኩብ ርስሓትን ንምርባሕ ጣንጡ ዝዕድም ካልእ ጠንቅታትን ከወግድ፣ ዜጋታት ንዘውጽኦም መድሃኒት ብዋበእ ክወስዱ፣ ምኽርን ማዕዳን ሞያውያን ብዘዋግእ ክተግብሩ፣ ከምኡ'ውን ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም ክርእዩ ከለዉ ብእዋኑ ናብ ትካል ጥዕና ብምኻድ ጥዕናኦም ክውሕሱ ተላቢዩ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ተርእዮ መልክፍቲ ሕማም ዓሶ ኣብ 2023 ኣስታት 1,173፣ ኣብ 2024 ኣስታት 591፣ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ድማ ዛጊት 563 ከምዝኾነ፡ ጽብጻብ ናይ'ቲ ኣሃዱ የርኢ።



"ሕማም ዓሶ እንድሕር ተፈዊሱ መሓሪ እንተዘይተፈዊሱ ድማ ቀታሊ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ክብረኣብ፡ ነበርቲ ዞባ ማእከል ሜላታት ምክልኻል ከዘውትሩ፣ ምስ ዝሓሙ ድማ ኣብ ዘተን ተዋዲደን ዘለዋ 34 ትካላት ጥዕና ግቡእ ፍወሳ ክረኽቡ ተማሕጺኑ።

## ሌተናል ኮሎኔል ኣስመላሽ ጎይትኦም ተሰዊኡ



ጉዱም ተጋዳላይ ሌተናል ኮሎኔል ኣስመላሽ ጎይትኦም ጉብሩ፡ ብጡሓደር ሕማም ብ6 ሕዳር ኣብ መበል 80 ዓመት ዕድሚኡ ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ ወርሒ ጥሪ 1990 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ኣስመላሽ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብደረጃ ማእከልነት ሓይሊ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ክሳብ ብደረጃ መራሒ ብርጌድ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሌተናል ኮሎኔል ኣስመላሽ ጎይትኦም፡ ብዓል-ሓዳር'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 7 ሕዳር ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ዓዲ-ተከሌዛን ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመሰዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ ሌተናል ኮሎኔል ኣስመላሽ ጎይትኦም ጉብሩ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# መእለዩ ውሕጅ ዓሊግድር፡ ኣብ ሕርሻዊ እቶት ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር

መእለዩ ውሕጅ ዓሊግድር፡ ኣብ ምድንፋዕ እቶትን እቶታውነትን ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግድር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ፡ ሰቡ ሞያን ሓረስቶትን ሓቢሮም።

ኣካያዲ ስራሕ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ-ዓሊግድር ኣቶ ዳዊት ኣብርሃ፡ መእለዩ ውሕጅ ዓሊግድር ነቲ ካብ ከባቢ ተሰነይ ክሳብ ስትሞን ታሒታዎሸርን ኣብ ዝዘርግሐ ኣስታት 16 ሽሕ ሄክታር ንዝቕየድ ክረምታዊ ሕርሻ ብሓገዝ ማሰኖ ዘልምዕ፡ ካብ ዓበይቲ ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ከፊላዊ ናይ ካናለታት ምትዕርራይ እናተገብረሉን ደቡት እናተጸርገሉን ናብ ግራት ሓረስቶት ዝበጽሓሉ ባይታ ንምፍጣር ይስራሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ተሰነይ መሃንድስ ዳዊት ብርሃ ብወገኑ፡ መእለዩ ውሕጅ ዓሊ-ግድር ብፍላይ ኑቶም ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ-ዓሊግድር ክረምታዊ ሕርሻ ዘካይዱ ሓረስቶት ውሕሰት ማይ ከምዘፈጥረሎም ብምጥቃስ፡ ኣብ ከባቢ ስትሞን ታሒታዎሸርን ዝቕየድ ሕርሻታት ብሰንኪ ደቡት እኹል ማይ ስለዘይረኽቡ፡ ክረምታዊ ዝናብ ኣብ ዝውሕደሉ እዋን ከምዝዳናገዮም ሓቢሩ።

ኣብ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግድር ክረምታዊ ሕርሻ ዘካይዱ ሓረስቶት ድማ፡ እቲ መእለዩ ውሕጅ ምንጪ ውሑስ ቀረብ ማይ ስለዝኾኖም ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መብዝሕትኡ ካናለታቱ ብሞሸሽ ዝተደገፈ፡ ጽገናን ምእላይ ደቡትን ከምዝድለዮ ኣዘኻኺሮም።

ክኢላታትን ሓረስቶትን ኣብ መወዳእታ፡ ብመእለዩ ውሕጅ



ዓሊግድር ዝለምዕ ፕሮጀክት ሕርሻ ተሰነይ - ዓሊግድር፡ ሃብታም ትሕዝቶ ማዕድናት ዘለዎ ማይ ስለዝረክቡ፡ ብዝሆነ እቶት ካብ'ቲ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዝቕየድ ሕርሻታት ተመራጺ ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

# ኣብ ሰንዓፈን ማይ-ምነን፡ ኣለይቲ ጽጉማት ብጥሪት ተጣዩሰን

ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈን ማይ-ምነን፡ ብምምሕዳራት ንዝተለለያ ስድራ-ቤታት ሰውኣትን ኣለይቲ ጽጉማትን ብጥሪት ኣጣዩሰን።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ የማነ መኻሽ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብጠቕላላ ተሸፊሉ ዝተገበረ ዘሎ መስርሕ ምጥያስ፡ እተን ስድራ-ቤታት ብዘመርጽኦ ዓይነት መትከሊ እግሪ ሓገዝ ከምዝረኸባ ምግባር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጤለ-ብጠሊ ከምእተጣየሳ ገሊጹ።

እቲ ዝተገብረ መደብ፡ መቕጸልታ ናይ'ቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ መሰብሮ ስድራ ሰውኣትን ጽጉማት ወገናትን ንምምሕያሽ ክወሰድ ዝጸንሐ ተበግሶታት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ የማነ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት'ዚ ተኣለይቲ ስንኩላን ኲናት ዝርከብዎም 42 ወገናት ብጥሪት፡ ጥሑናን ንግድን ከምእተጣየሱ ኣብሪሁ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ን/ዞባ ማይ-ምነ ሓሙሽተ ጽጉማት ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጥሪት ከምእተጣየሳ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ የውሃንስ ኣብርሃ ሓቢሩ።

እተን ዘኽታማትን ስንኩላንን ዝኣልያ ጽጉማት ስድራቤታት፡ ብመሰረት ጠለበን ብኡብትን ጤሉ-ብጠሊ ዝዓይነተን ተጣዩሰን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣቓዲሞም ናይ ኣእዱግ ሓገዝ ዝተገብረሎም ኣርባዕተ ስንኩላን፡ ንመግዘኢ ኮረሻ ዝውዕል ገንዘብ ከምእተዋህቦም፡ እቲ ሓበሬታ ኣሰፊሩ።

ሓገዝ ዝተገብረሎም ወገናት፡ ብመንግስትን ህዝብን ንዝግበረሎም ዘሎ ሓልዮትን ናብዮትን ብምምስጋን፡ ብዝረኸብዎ ዕድል መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ከምዝጽዕሩ ኣረጋጊጾም።



ስእሊ፡ መሓመድ ኣይፈራሕ

# ደርዓንቶ - ኣብ ምርጋእ ኣከባቢ ዝነጥፍ ናይ ዕድመ ብዓል ጸጋ ተመጕሱ

ኣብ ደርዓንቶ - ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣቶ ግደይ ጉብረመድህን ዝተባህለ ወዲ 91 ዓመት ናይ ዕድመ ብዓል-ጸጋ፡ ኣብ ምርጋእን ምዕቃብን ኣከባቢ ዘንብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ተመጕሱ።

እዚ ኣብነታዊ ሓረስታይ፡ ብውልቁ ኣስታት 2500 ኣግራብ ተኺሉን ተኸናኺኑን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሐ፡ ከምኡ'ውን ኣድማዒ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምዝቕየደ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኩዶፈላሲ ኣቶ በረኸት ከሰተ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዓድታት 20 ዒላታት ብምኹዓት፡ ጸገም ማይ ኣብ ምቅላል ኣብነታዊ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ኣብሪሁ።

ኣቶ ግደይ ጉብረመድህን ብወገኑ፡ ፍቕሪ ስራሕ ካብ ንእስነትካ ዝጥረ ባህሊ ምዃኑ ብምብራህ፡ ሳላ ግዜኡ ኣብ ስራሕን ሓርኮትኮትን ዘሕለፎ፡ ምሉእ ጥዕና ከም ዘውንንን ካብ ሰብ ከምዘይደልን ገሊጹ።

ካብ ሓረስቶት ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዳዊት ተስፋይ ብወገኑ፡ ኣቶ ግደይ ኣብቲ ወፋይ ስራሕ ብምኻን ጽልዋ ከምዝፈጠረሎም ኣብሪሁ።

ደርዓንቶ ሓንቲ ካብ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ኩዶፈላሲ ኮይና፡ ካብ ከተማ መንደፈራ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ ኣስታት 10 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ፎሮ - ተሳትፎ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሮብሮብያ - ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ኣብ ዓመተ 2025/2026 ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብ22 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ተገሊጹ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ሮብሮብያ መምህር ዓሊ መሓመድ-ዑመር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝተራእየ ዕብየት ውጽኢት ብበእዋኑ ዝቕየድ ኣኽባሪነት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብቑዓት ተመሃሮ'ውን ምምሕያሽ የርኢ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ሮብሮብያ፡ ሎሚ ዓመት 260 ደቂ-ኣንስትዮ ንዝርከብኦም 970 ተመሃሮ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ዶክመንታሪ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ መስመር (ቀጥታ) |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | መደብ ሳሆ |
| 18:35 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፈታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ-በዳ ጋድም ሓሊብ



ኤርትራ፡ ሓንቲ ኻብተን ከም ቀድመ-ግንባር ሳገምቲ ባልዓት ዝጥቀሳ ሃገራት ኮይና፡ ብእትውንኖ ኩነታት ኣየር፣ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬታ ማለት ሸውዓተ ሚልዮን ሄክታር፡ ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹእ እዩ። ኣብ ጎረባብትና ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃን ዓረብን'ውን ብተመሳሳሊ ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹኣት ስለ ዝኾና፣ ሳጊሞም ዝመጽኡ ወራራት'ውን የጋጥማ'ዩ። በዚ'ዩ ድማ ኤርትራ ኣብዚ ጉዳይ ቀጻልን ጥቡቕን ክትትል ክትገብር ትግደድ። ጻዕቅን ዝርግሐን ተርእዮ ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝፈላለ ይኑ፡ ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ግን ደረጃኡን ጻዕቁን ዝፈላለ ዓመታዊ ለበዳ ኣንበጣ ምድረበዳ የጋጥም እዩ።

ምብራቓዊ ጎላጉል ኤርትራ ዳርጋ ዝበዝሐ ክፋሉ ቀንዲ መራብሒ ቦታ ናይ ኣንበጣ ምድረበዳ'ዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣር፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ-ባሕሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ምምሕዳር ከባቢ ጋድም ሓሊብ፣ ብኣላይነት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተበገሰ መስርሕ ህንጻት፡ ቀዋሚ ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳ ጋድም-ሓሊብ ኣበጊሱ። እዚ ህንጻት፡ ድሮ ኣብ ምዝዛም በጺሑስ፡ ስሩዕ ስርሓቱ ንምካያድ ምድላዋቱ ኣብ ምጽፋፍ ከም ዝርከብ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ኤፍሬም ክፍሉ የረድእ።


ኣቶ ኤፍሬም ክፍሉ

ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ-በዳ ጋድም ሓሊብ፡ ካብ ከተማ ኣፍዓበት ኣስታት 60 ኪ.ሜ ንምብራቕ ርሒቑ ዝርከብ ኮይኑ፡ መስርሕ ህንጻቱ ብዕለት 19 ታሕሳስ 2024 ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ 7 ኣዋርሕ ድማ መስርሕ ህንጻቱ ተዛዚሙ ይርከብ። እዚ ቦታ ከም ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳ ክኸውን ዝተመርጸሉ ቀንዲ ምኽንያት ኣብ ማእከል'ቲ ኣንበጣ ምድረበዳ ብጻዕቂ ዝርከበሉ ቦታ ምዃኑ፡ ብርጡብ መጽናዕቲ ድማ ከም እተወሰነ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ቍጽጽር ሳገምቲ ባልዓት ኣቶ ቴድሮስ ስዩም ይሕብር።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና፡ ዋላ'ኳ ንኣሽቱ ነቝጣታት እንተነበራ፡ ሓደ ንኹሉ ቀረባት ዘማልእ፣ ማእከል ዝኾነ መዓስከር ግና ኣይነበረን። ስለዝኾነ ድማ ምስራሕ ናይዚ ሓድሽ ማእከል ልዑል ኣገዳስነት ነይርዎ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ነዚ ከም ቀንድን ህጹጽን ጉዳይ ርእዩ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክዛዘም ከም ዘለዎ ተረዲኡ'ዩ ናብ ስራሕ ተበጊሱ።

እዚ ተሰሪሑ ዘሎ ትሕተ-ቕርጺ ኩሉ ዘማልእን፡ ኣብቲ ብድሕሪ ሕጂ ዝካየድ ንጥፈታት ምክልኻል ኣንበጣ ንዝዋፈሩ ክኢላታት ድማ ዘድሊ ቀረባት ዝሓቑፍን ኰይኑ'ዩ ተሃኒጹ ዘሎ። መንበርን መደቀስን ኣባላት፡ ኣብያተ ጽሕፈት፡ መዐሸጊ መካይን፡ ባስካታትን ታንከራት ጽሩይ ማይን፡ ካብ 50 ክሳዕ 80 ኣባላት ከመግብ ዝኽእል መመገቢ (ካፌተርያ)፡ ዓቢ መኽዘን፡ መዐሸጊ መካይንን ካልእን የጠቓልል።

እዚ ማእከል፡ ቅድሚ ምስርሑ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብለይቲ እናሰርሑ፡ ብቐትሪ ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ እናጸለሉ'ዮም ነዚ ዕዉት ስራሓት ዘካይዱ ነይሮም።

መስርሕ ህንጸት ማእከል ቍጽጽር ኣንበጣ ምድረ-በዳ ጋዲም ሓሊብ፡ ብቐንዱ ብኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተዓመመ ኰይኑ፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ፕሮጀክትታት ዓዲ ሃሎ ቍጽሪ ክልተን ሰለስተን፡ ወትሃደራዊ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ድማ ኣብ መስርሕ ንድፊ፡ ክትትልን ምጽፋፍን ንጡፋት ተሳተፍቲ ኔሮም። ብዘይካ'ዚ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ቀጻሊ ኣብ ምክትታል ናይዚ መስርሕ ህንጸት ይነጥፍ ምንባሩ፡ ኣቶ ኤፍሬም ወሲኹ የብርህ።

ነበርትን ኣመሓደርትን ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ብፍላይ ድማ ነበርቲ ከባቢ ጋድም ሓሊብ፣ እዚ ተሰሪሑ ዘሎ ህንጻ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ወራር ኣንበጣ ዝካየድ ዝነበረ ሓያል ጻዕርን ብድሆታትን ዝነበሮ መስርሕ ከም ዘቃልሎ፣ ኣብ መስርሕ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ድማ ዓቢ ግደ ከም ዘህልዎ የረድኡ።

እዚ ህንጻ፡ ኣብ ዝቕጽል ልምዓታዊ መደባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ-ባሕሪ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ወፍርን ኮለላን ኣንበጣ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ንልምዓታውን ምርምራውን ንጥፈታት ንቕድሚት ኣብ ምስጓም'ውን ኣዝዩ ሓጋዚ ተራ ዝጻወት ከምዝኾነ ኣቶ ኤፍሬም ክፍሉ የብርህ።

ብዕለት 14 ነሓሰ 2025፡ ብኣጋጣሚ ምዝዛም ህንጸት ማእከል ቍጽጽርን ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ ምክልኻልን እተወደበ ናይ ምዝንጋዕን ምፍናውን መደብ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ መስርሕ ህንጸት ናይቲ ማእከል ካብ ዝተሳተፉ ኣዘዝትን ኣባላትን፡ ኣብቲ ስራሕ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ብወገኖም፣ እቲ ስራሕ ወላ'ኳ ብዳዊ እንተነበረ፣ ኣብ መወዳእታ ብዓወት ክዛዘም ምኽኣሉ ከም ዘሐበኖም ገሊጾም።

እዚ ስራሕ፡ ኣካል ናይቲ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ" ዝብል ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝስርሓሉ ዘሎ መርሓ ጉደና ምዃኑ ይፍለጥ።

ኣማኑኤል ገብረሂወት
ጨ/ህ/ርክባት - ሚ/ሕርሻ


ኣቶ ቴድሮስ ስዩም

## ሕቶ ፍረ ጻዕሪ

### ኣገዳስነት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት እንታይ'ዩ፧

ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ ሓደ ኻብ ኣገባባት ኣገልግሎት ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኰይኑ፡ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታኡ ከም ዝሕብሮ ድማ ብ1980ታት ሓረስቶት ደቡባዊ ምብራቕ እስያ፡ ገዛእ ጥበቦምን ክእለቶምን ተጠቒሞም ንምሕደራ ባልዓት ሓዊሶም መጽናዕቲ ንምግባር ኣብ ግራቶም ከም ዝፍትንዎ ከም እተገብረ ይሕበር።

ዕላማን ተልእኾን ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ እቶም ሓረስቶት እንታይ ክገብሩ ከም ዘሎዎም ኣብ ምምእዛኖም ጥራይ ዘይኰነ፡ ንንጥፈታቶም ዝድርዕ ብትምህርቲ ንምሕያሎም ከምኡ'ውን ንዘሎዎም ተመኵሮ፡ ቴክኒካዊ ኣገባብ ከም ዘውስኽሉ ብምግባር፡ ኣብ ግራቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ውሳነ ከም ዝህልዎም ምግባር እዩ። ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ በብግዜኡ ምምሕያሽ ድሕሪ ምግባር፡ ናብ ብዙሓት ሃገራት እስያ፡ ኣፍሪቃ፡ ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን ከም ዘስፋሕፍሐ ይፍለጥ።

ብተመሳሳሊ ዕላማ፡ ኣብ ሃገርና፡ ሓበሬታን ተጠቃምነት እተፈላለዩ ኣገባባት ማሕረስ፡ ምሩጽ ዘርኢ፡ ሓድሽ ቴክኖሎጅን ካልእን፡ ብኸመይ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ሓረስቶት ከም ዝበጽሕ ምግባር፡ ገለ ካብ ዕላማታት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት እዩ። ካልእ፡ ሓረስቶት ዘሎዎም ጸገማትን ብልጫታትን ብሓባር ከም ዝዘትዩ ይገብር። ብተወሳኺ፡ ሓረስቶት ዘድልዮም ስልጠናታት፡ ጕስጓሳት፡ ካልኦት እተፈላለዩ ኣገባባት ብምክያድ፡ ኣፍልጦኦምን ሓበሬታኦምን ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ግደ ይጻወት።

ተወሳኺ ኣገዳስነት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት ድማ፡ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣብ ግራት ብምዃኑ፡ ሓረስቶት ግብራዊ ትምህርትን ተመኵሮን ንክቐስሙ ይሕግዝ። ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት ብኻልእ መንገዲ ቤት ትምህርቲ ብዘይ ህንጻ ተባሂሉ'ውን ይግለጽ። ሓረስቶት ካብ ገዛ ወጺኦ ኣብ ግራቶም ኣብ ትሕቲ ጽላል ገረብ ብምዃን ኩሉ ንጥፈታቶም ዘሰላስልሉ ስለዝኾነ'ዩ።

ኣገባባት ትምህርቲ ኣብ ግራት ሓረስቶት፡ ሓደ ዓይነት መረዳእታ ዘሎዎም ካብ 25 ክሳዕ 30 ሓረስቶት ብምጥርናፍ፡ ጸገማቶም ንምፍታሕ ሓቢሮም ይዝትዩ፣ ተራ ሓረስቶት ኣብዚ መዳይ፡ ኣቓዲሞም ዘሎዎም ጸገማት የቕርቡ፣ መፈተንን መምሃርን ግራት ይመርጹ፣ ኣተግበርቲ ድማ ሓረስቶት ባዕላቶም ይኾኑ።

ተጠቃምነት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፣ ቅድሚ ሕጂ ካብ ሄክታር፡ 11 ኲንታል ጥራይ ዝርከቦ ዝነበረ፡ ምሩጽ ዘርኢ ብምጥቃም 30 ኲንታልን ልዕሊኡን ኣብ ምሕፋስ ደረጃ ተበጺሑ። 30 ኪሎ ግራም ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዘሪኦም፡ 10 ኵንታል ሓፊስና ዝብሉ ሓረስቶት'ውን ኣለዉ። ነዞም እዚ ዝተጠቕሰ መጠን ምህርቲ ዝረኸቡ ዕዉታት ሓረስቶት ብምዕዳም፡ ተመኵሮ ክለዋወጡ ብምግባር፡ ዕዉት ናይ ጎስጓስ ኣገባብ ይኸውን ማለት'ዩ።

ቦኽረጽዮን ሃብተ
ላዕለዋይ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ - ሚ/ሕርሻ



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ቈሓሚ ሽኮር

*መም. ልዋም ሙሉእብርሃን*

ኣብ ግዜ ህጻንነት፡ ካብ እንዳ ቡን ናይ ኣደኡ ሽኮር ሰሪቑ ዘይቈሓመ ሰብ ኣሎ ኢለ ኣይሓስብን። ሽኮር እንተ ዘይቈሓምና ካብቲ ኣደ ሓቢኣ እተቐምጦ ነገር፡ ግድን ተሓቢእናስ ጥዒምና ኣለና። ነፍሲወከፍ ቈልዓ ካብ ኣደኡ ተሓቢኡ ብዙሕ ነገር ይገብር እዩ። እቲ ዝገርም ነገር ኣደታትና ዝሰረቕና ሰሪቕና ክንሕባእ እንተ ፈተንናን ኣታሊልና ኢልና እንተ ተሓጕስናን ግድን እየን ዝፈልጣና። ኣብ ክንደይ ዲጋታት ሓምቢስና ነቢስና ብምራቕ ኣፍና ለኺና እሞ፡ ንኣደና ግና ኣታሊልናያ ኣይንፈልጥን። በቲ ኮይኑ በቲ፡ ኣደ ዝገበርካ ገይርካ ከተታልላ ዘይትኽእል ሰብ እያ። ንኻልእ ሰብ ብዝኾነ መገዲ ከነታልሎ ንኽእል ንኸውን። ካብ ኣደ ወጻኢ ፈጺምና ከነታልሎ ዘይንኽእል ሰብ እንተ ሃልዩ እምበኣር፡ ገዛእ ነብስና እዩ። እቲ ንነብስና ከነታልል እንጥቀመሉ ኣገባብ ኣብ ስነ ልቦና ነብሰ ምትላል ኢሉም ይገልጽዎ።

ዝበዝሑ ክኢላታት ስነ ልቦና፣ ንነብሰ ምትላል፡ ካብ ክትገልጾ ዝያዳ ብኣብነት ክትርድኦ ይቐልል ይብሉ። ንኣብነት፡ ንስኻ ኣብ ትምህርቲ ተሪፍካ ንበል'ሞ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ብሓቂ ንኽትተርፍ ዝገበረካ ምኽንያት ብልክዕ ኣለሊኻ ከመይ ኣቢልካ ካብ ምትራፍ ትድሕን ትሓስብ፣ ስለምንታይ ከም ዝተረፍካ ምኽንያታት ብምድርዳር ክትተርፍ ዝግብኣካ ምንባሩ ብምእማን ክትነፍዕ ኮነ ክትሓልፍ ከም ዘይትኽእል ንነብስኻ ከም ምእማን እዩ። እዚ ማለት ኣብ ክንዲ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ውድቀት ተቐቢልካ፡ ንዳግማይ ፈተነ ትዳሎ፡ ንውድቀትካ ምኽንያታዊ ብምግባር ንነብስኻ ሓራ ክትገብር ናይ ምፍታን ሜላ እዩ - ነብሰ ምትላል። ኣብ ግደ ሓቂ ግና ምኽንያት መውደቒኻ ጽቡቕ ገይርካ ኢኻ ትፈልጥ።

ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ባህርያት ብኸመይ ክንገላገል ንኽእል ንዝብል ለባም ሕቶ፡ ንእሽቶ ክብል፥

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ካብ ሓቀኛ ክትልወጥ ናይ ምድላይ ባህጊ ተበጊስካ እንተ ደኣ ሃሊኻ፡ መርሓባ ክብለካ እፈቱ። ካብ ንሓቀኛ ኵነታት ህይወትካ ክትክሕዶ ዘተባብዑኻ ትርከ መርከ. ምኽንያታት ርሒቕካ፡ ምስ ሓቅታት ህይወትካ ፊት ፊት ክትፋጠጥን ክትሰርሕን ግዜኡ ሎሚ እዩ። ንነብስኻ ትሕቲ ግቡእ ሒዛ ከይትተርፍ፡ ንምድሓና ንኽትቃለስ ዘኽእለካ፡ ኣብ ልዕሊ ነብስኻ እኹል ፍቕሪ ክህልወካ ክትውስን ኣለካ።

ካብዚ ዘለኻዮ፡ "ዝበለጸ ህይወት ክነብር እኽእል እየ፡" ኢልካ ትሓስብ እንተ ደኣ ሃሊኻ፡ ፈጺምካ ኣይተጋገኻን። "ካብዚ ንልዕሊ ክገብር እኽእል እየ፡" ኢልካ ትሓስብ እንተ ደኣ ሃሊኻን ንሓቀኛ ነብስይ ገና ኣይረኸብክዋን በሃላይ እንተ ደኣ ኴንካን ሕጂ እውን ኣይተጋገኻን።

ነብስና ከነደዓዕስ መታን፡ ብዛዕባ ኣብ ናይ ህይወት ጕዕዞና በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ፡ እልቢ ዘይብሉ ናይ ምትላል ምስክርነት ተጠቒምና ንግዜኡ ስምዒታትና ከነተሃዳድእ ንኽእል ንኸውን። የግዳስ እዚ ብምግባርና



ኣብ መንጎ ክውንነትናን ክንኮኖ እንደልዮን ቅድወት ብምስኣን፡ ኣብ ዘለናዮ ከነዕገሽግሽ እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ፋይዳ ኣይክንረኽበሉን ኢና። ንነብስና ከነፍቅራ ኣብ እንገብሮ ጻዕሪ፡ ገግናዩ ኣሊና፡ ጽቡቕ ዘዘበልናዮ ወሳሲኽናን ኲሓሒልናን 'ብፍቕርኺ ዓበድኩ' ክንብላ ንፍትን ኢና። እንተኾነ ግና እዞም ምኡዛት ቃላት ብምጥቃምና ሕርኽርኽ ካብ ዝብል ስምዒት ንማለቱ እምበር፡ ፈጺምና ኣይንዓርፍን ኢና። ምኽንያቱ፡ ንዓለም ምሉእ ከነታልል እናኽኣልና፡ ንውሸጥና ግና ከነታልሎ ኣይንኽእልን ኢና። ውሸጥና ነቲ ሓቀኛ መንነትና ንመስል ዘይምህላውና ክሳዕ ዝፈለጠ ከኣ ሰላም ክህበና ማለት ዘበት እዩ። እዚ ስነ ፍልጠታዊ ሓቂ እዩ።

ንሓቅታትና ኣብ ንኽሕደሉ እዋን፡ ፍጹም መመኽነይቲ ንኸውንን ሽግራትና ናብ ካልኦት ናይ ምጽጋዕ ፍሉይ ክእለት ነጥርን። ከምቲ ኴንናዮ ዘለና ንኽንከውን ሰበብ ዝኾኑ ኵነታትን ብሰንኮም እንብሎም ሰባትን ፈጺምና ኣይንስእንን። ምስ ግዜ ከምዚ ምባል ወልፊ ክኾነና ግድን እዩ። እዚ ከኣ ካብቲ እንብህጎ ለውጢ መገዲ ዓመት ዘርሕቐና እምበር፡ ፈጺሙ ዘርብሓናን ዘቐርበናን ኣይኮነን።

እቲ ሓቅታትካ ካብ ምኽሓድ እትናገፈሉ ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ንዘለኻዮ ኵነታት ምሉእ ተሓታትነት ምውሳድ እዩ። እቲ ዘገድስ ህይወትካ ብደገ ከመይ ትርአ ዘይኮነ፡ ብውሽጢ እንታይ ትመስልን ከመይ ይስመዓካን ስለ ዝኾነ፡ ወትሩ ብኽውንነትካ ክትሽበርን ክትጭነቕን ኣይግባእን። ነዚ ኵሉ ነጺግካ፡ ውሽጥኻ ብፈራሱ እንከሎ ደገኻ ለቓሊቕካ ንነብስኻ ከተፍቅራ ምፍታንን ንኽስወጠካ ግዜ ምቕታልን፡ ስቅያት ውሽጥኻ ምንዋሕ ማለት እዩ።

ንዘለኻዮ ዘይሕጉስ ህይወት ምኹናንን ጸገማትካ ብጥረኦም ትኽ ብትኽ ምዝርዛርን እቲ ዝዓበየ ንነብስኻ ዘለካ ፍቕሪ ብተግባር እተርእየሉ መገዲ እዩ። ካብ ንሓቀኛ ኵነታትካን ስምዒትካን ምኽሓድ ተላቒቕካ፡ ህይወትካ ቀጻሊ እተሐድሰሉን እትቕይረሉን መገዲ እዚ ጥራሕ እዩ። ካልእ መገዲ ኣሎ ንዝብለካ ምእማን ጌጋታትካ ምድጋምን ትፋእካ ተመሊስካ ምልሓስን እዩ።

ቢሮን ወረቐትን እሞ ኣልዕል፡ ኵሎም እቶም ዘየሕጉሱኻ ነገራት በብሓደ ዘርዝሮም። ኪንዮ ተራ ምዝርዛር ክሳብ ደቀቕቲ ነጥብታት ምዝርዛር ከገድሰካ እዩ። እቲ ዘየሕጉሰካ ነገር ምስ ገንዘብ፡ ቅርጺ ኣካላት፡ ፍርሕኻን ካልእን ዝተኣሳሰር ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ሓጉስ ከሊኡካ ዘሎ ጉዳይ፡ ፋይናንሳዊ ጸገም እዩ ንበል። ኣብቲ ዝርዝር ኵሉ ዘለካ ዕዳ፡ ወረቐት ዕዳ፡ ኣታውታትካ፡ ዘውፈርካዮ ገንዘብ ብዘይ ተረፍ ዘርዝሮ። እቲ ጸገም ቅርጺ ኣካላትካ ምስ ዝኸውን ብልክዕ እቲ ዘይትፈትዎ ክፋል ኣካላትካ ጥቐሶ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እቲ ዋና ነገር ካብ ፍጹም ክሕደት ተናጊፍካ፡ እቶም ናይ ብሓቂ ጸገማትካ ክትእመነሎምን ክትዝርዝሮምን ምኽኣል እዩ። እቲ ብድሕሪኡ ዝመጽእ፡ ሓደይ ነቶም ሓቅታት ተቐቢልካ ምስኦም ብሰላም ክትነብር፡ ወይ ድማ ንለውጢ እጅገኻ ክትሰብስብ ምውሳን እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ኢድካ እዩ ዘሎ። ኣብ ዘለኻዮ ከም ትዕነድ ገይሩካ ዘሎ፣ ነዊሕ እዋን ዝወሰደ ናይ ለውጢ ቀንፈዘው እዩ፣ ተበገስ፡ ከይትስብብ።

***

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

*ሱራፌል ተ.*

## ካልእ ሸነኽ ናይቲ ሓጹር

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዝሐጉሳን ዝሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸሎኦምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባታት ከም ዝውቅብ ጌራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዝመሃረታ ዓባያ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ክህሉ ክቱር ድሌት ነበራ። በዚ ኸኣ ኣብቲ ከተማ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ኣይነበረን።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓደ መጽሔት ስእሊ ናይ ሓንቲ ዝዓበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቑመትን ንጕድን ጽቡቕ እትዓቢ፡ ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቊመት ነበራ። ዕምባባኣ ክቕላዕ እንከሎ ዘሎዎ ግርማ ማዳርግቲ ኣይነበሮን። ከምኡ ዝበለ ዕምባባ ርእያ ስለዘይትፈልጥ ኣብ ገዛኣ ክትህሉ ደለየት። ኵሉ ዝከኣላ ገይራ ከተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ፡ ዘርኢ ናይታ ተኽሊ ረኸበት'ሞ፡ ብድሕሪ ገዛኦም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ነጸላ መንደቐም ብምጽጋዕ፡ ቦታ ኣለማሊማ ቀንያ ተኸለታ። ሕልፊ ካልእ ኣታኽልታ ድማ ተኸናኸነታ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቅልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጕላዕሊዑ፡ ጨናፍራን ጕንዳን ከም ዘይርኣ ኰነት። ገና ዕምባባኣ ከየወጽኣት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት። እዛ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኲስኲስታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምዃና ነገረታን፣ እንተኾነ ዕምባባ ናይ ምውጻእ ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ሰሙናት ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቂር በላ። ንዓኣ ቈሪጻ ካልእ ተኽሊ ክትተክል'ውን ሓሳብ መጽኣ። ኣብቲ ጕርቤት ዘላ ካልእ መንእሰይ፡ በቲ ኳና ተቐልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፋ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት እታ ጕርቤት ግን ኣይሓደገታን።

"ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡" በለታ ጕርቤት።

"ናይ ምንታይ?" መለሰት መንእሰይ።

"ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ ክንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ከምዚ ዓይነት ዕምባባ ኣብዚ ናትኪ ኩነ ኣብ ካልእ ርእየ ኣይፈልጥን። ማሬ'ያ እተደንቐኒ፡" ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን።




እናጕየየት ናብቲ ሓደ ካንሸሎ ብምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቺኡዋን ረኣየት። ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ።

ናይቲ ንስኻ እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት ንዓኻ ስለ ዘይተራእየካ ኣየፍረኻን ማለት ኣይኩነን።

Author: Randy Reynolds

# ኰርናዕ ተመሃሮ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሜላታት ኣፈታትሓ ግድላት ቍጽሪ 2ይ

*ህይወት፡ መስርዕ ግድል'ያ፣ ግድላ ክትፈትሕ ከኣ ጥበብ የድሊ። ጥበብ ካብ ብዙሕ ክጥረ ይከኣል። ኣብየተ ትምህርቲ ነዚ ዘየዕርፍ ግድላት ህይወት ንምፍታሕ ጥበብ ካብ ዘዕጥቕ ኣካላት'ዮ። ዝዓበየ ሸንኹ ከኣ ብቍጽሪ ኣቢሉ ይምህሮ። ቍጽሪ፡ መፍትሕ ግድላት ህይወት'ዩ። ቍጽሪ ብኣገባቡ፡ ፍቕርን ኣድህቦን ምስ እንምሃሮ እምበኣር፡ ጥብበ ኣፈታትሓ ግድላት ህይወት ከም ምዕጣቕ ክሕሰብ ይከኣል።*

*ከምቲ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርትና እንዕዘቦ፡ ግድላት ዘያዳ ኲሉ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ኣብ ቍጽሪ ኢና እንረኽቦ። ቍጽሪ - ግድላት፣ ግድላት - ቍጽሪ፣ ኲሉ ሳዕ ተተሓሒዙ ዝመጽእ ኣርእስቲ'ዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ከኣ ኣብ ቍጽሪ ግድላት ንፈትሓሉ ገለ እንዶታት ተኸፋፊሉ ክቐርብ'ዩ።*

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንጥበብ ኣፈታትሕ ግድል ቍጽሪ ዝገልጽ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ትሕዝቶ ኣቕሪብና። ሃንጋሪያዊ ክኢላ ስነ ቍጽሪ ጆርጅ ፖልያ ብ1945 ኣብ ዘዳለዎ መጽሓፍ፡ ኣርባዕተ ሜላታት ኣፈታትሓ ግድላት ቍጽሪ ኣቐሚጡ ኣሎ። ምርዳእ ግድል፣ ግድል ዝፍትሓሉ ጥበብ ምልላይ፣ ነቲ ጥበብ ምትግባር፣ ከምኡ'ውን ምርግጋጽ ዝብሃል እዩ። ካብዚ ኣርባዕተ መድረኻት፡ ምርዳእ ግድል ዝብል ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ ከኣ ግድል ዝፍትሓሉ ጥበብ ብኸመይ ነለሊ ክንርኢ ኢና።



**ካልኣይ መድረኽ - ግድል ዝፍትሓሉ ጥበብ ምልላይ**

ግድል ፈለማ ክንርድኦ የድልየና። ሓንሳእ ምስ ተረዳእናዮ፡ ብኸመይ ከም እንፈትሖ ንሓስብ። ነቲ ተረዲእናዮ ዘለና ግድል እንፈትሓሉ ጥበብ ኣየናይ እዩ ክንሓስብ ንጅምር። ብኸመይ ከም እንፈትሖ መገዲ ንደሊ፣ ወይ'ውን መደብ ነውጽእ። ብኸመይ ኣገባብ ከም እንፈትሖ ክንሓስብ እነጥፍኦ ቍሩብ ግዜ፡ ካብቲ ድሒሩ ዝመጽእ ብኽነት ግዜን ስልቻውን የድሕን።

ኣብዚ መድረኽ ከገልግለና ዝኽእል ብርክት ዝበለ ኣገባባት ኣሎ። ኲሉ ግን ኣብ ኲሉ ግድላት ዘይክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ነቲ ክንፈትሖ ዝተዳለና ግድል፡ ብኣየናይ ኣገባብ ክንፈትሖ ምሕሳብ የድሊ። ተመሃሮ፡ ነናቶም ኣገባብ ክጥቀሙ ይኽእሉ'ኳ እንተኾኑ እዚ ዝስዕብ ኣገባባት፡ ኣብዚ መድረኽ ዝውቱር እዩ።

**1–** ፍሉይ ዝምድና ምልላይ፤ ኣብቲ ተዋሂቡና ዘሎ ግድን፡ ሓደ ስእሊ ክፈጥረልና ዝኽእል ዝምድና ኣብ መንጎ ቍጽርታት፡ ቃላት፡ ስእልን ቅርጽን ክህሉ ንቡር እዩ። እዚ ዝምድና ብምልላይ ኣብቲ ግድል ተዋሂቡና ዘሎን እንታይ ክንፈትሕ ኢና ንሕተት ዘለናን ክንፈልጥ ኢና። እዚ ከኣ ነቲ ክንረኽቦ ንሕተቶ ዘለና ንምርካብ እንጥቀመሉ ኣገባብ ከነጽረልና'ዩ።

**2–** ግምትን ምርግጋጽን፤ እዚ ውሑዳት ተመሃሮ ዝጥቀምሉ ኣገባብ እዩ፣ ኲሉ ግዜ ዘይከስርሕ ድማ ይኽእል እዩ። ግምትን ምርግጋጽን፡ ቀዲምካ መልሲ ትግምት እሞ፡ ልክዕ ድዩ ኣይኩነን በቲ እትፈልጦ ደረጃታት ንድሕሪት እናተመለስካ ተረጋግጾ። ኣብ ከም ናይ ፈተና እዋን ብዙሕ ግዜ ዘወስድ ኣገባባት ምኽታል ክሳራኡ ስለ ዝዓቢ፡ ዘይክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። እንተኾነ፡ እዚ ጥበብ'ዚ ነቲ ግድልን ኣገባብ ኣፈታትሓኡን ንምርዳእ ስለ ዝሕግዝ፡ ክንለማመዶ ይከኣል እዩ።

**3–** ብድሕሪት ምጅማር፤ ሓደ ሓደ እዋን፡ ኣብ ከም ምረጽ ዝኣመሰሉ ሕቶታት፡ በቲ ዝዓበየ ተኽእሎ ዘሎዎ መልሲ ጀሚርካ ንላዕሊ ብምስራሕ ወይ ብምርግጋጽ ክዕየ ይከኣል እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣገባባት ክንጥቀም እንከለና፡ ኣቐዲምና ነቲ ግድል ንምፍታሕ ክሕለፍ ዘሎዎ ደረጃታት መሊኽናዮ ክንጸንሕ የድሊ።

**4–** ቀመር ምጥቃም፤ ንገለ ፍሉያት ግድላት ወይ ንዝተወሰነ ኣምር ዝገልግል ቀመር ኣሎ። ቀመራት፡ ግድላት እንፈትሓሉ ኣገዳሲ ዕጥቂ እዩ። ኣብ ግድላት ቀዲሙ ዝተዋህበና ዓቐናት፡ ምስቲ ክንረኽቦ እንሕተቶ ዘለና ዘዛምድ ቀመር ኣየናይ'ዩ ብምልላይ፡ ብዝቐለለን ዝቐልጠፍን ግድላት ክንፈትሕ ንኽእል ኢና።

**5–** ምጽጻይ፤ ሓደ ሓደ ግዜ መልሲ ክኸውን ተኽእሎ ዘሎዎ ብብዝሒ ክንረክብ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ ሓንቲ ሕቶ ብመልክዕ ምረጽ እንተ ተዳልያ፡ ኣብ ምረጽ ዝቐረብ ኣርባዕተ ወይ ልዕሊኡ መልስታት ብምዕዛብ፡ ካብቲ ቅኑዕ መልሲ ዝረሓቐ ቀድሚ ዝኣገረ ክንኣልዮ ይከኣል። ንምርጫና ብምውሓድ፡ ናብ ቅኑዕ መልሲ ዝያዳ ክንቀርብ ይከኣል።

**6–** ምኽንያት ምድላይ፤ ሓደ ሓደ እዋን ኣብ ገለ ግድላት ብዙሕ ሓበሬታ ክወሃበና ይኽእል እዩ። ነቲ ብዙሕ ሓበሬታ ምኽንያታዊ ብዝኾነ መገዲ ናብ ንኣሽቱ ዝዛመደሉ መድቦ። እቲ ንኣሽቱ ምድባት ንሓድሕዱ ብምንታይ ይጋጠም ብምግንዛብ ከኣ ግድልና ክንፈትሖ ንኽእል።

**7–** ብእሽተይ ምጅማር፤ ግድላት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓቢ ግድል ክጸንሕ ይኽእል እዩ። በቲ ቀንዲ ሕቶ ቀድሚ ምምላስካ፡ ክትምልሶ ዘሎካ ካልእ ንኣሽቱ ሕቶታት ወይ ግድላት ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ናብቲ ዝዓበየ መልሲ ዘብጽሕ ንኣሽቱ ግድላት ቀዲምና ብምፍታሕ ክንጅምር ሓጋዚ እዩ።

**8–** ምዕሪት ምፍጣር፤ ምዕሪት (equation)፡ ግድላት ብዝቐለለ ክንርድኦን ክንፈጥሖን ይሕግዝ። ንኣብነት፡ "ሓደ ዘይተፈልጠ ቍጽሪ ኣሎ፣ ምስ ክንዲኡ ምስ ተደመረ፡ 32 ይጉድሎ፣ ብድሕሪኡ ን4 ምስ መቐልናዮ 6 ይህበና፣ ዘይተፈልጠ ቍጽሪ ርኸብ?" ዝብል ሕቶ ተዋሂብና ኣሎ። ካብቲ ዝተዋህበና ቍጽርታት ወይ ዓቐናት፡ ምስቲ ተጠቒሱ ዘሎ ንተግባራት ቍጽሪ ዝውክል ቃላት ብምትእስሳር ሓደ ምዕሪት ነዳሉ። እቲ ምዕሪት ከኣ ነቲ ግድል ብዝቐለለ ክንርድኦን ናብ ክፍትሓሉ ዝኽእል ደረጃ የብጽሓና።

... ይቕጽል።

መም. ስተላ መሓረና

## እንዶታት ዝበለጸ ውጽኢት ንምምዝጋብ (6-10)

**6.** ንነብስኻ ተኸናኸና። ጥዕና እንተ'ለካ ወትሩ ጽቡቕ ክስመዓካ እዩ። ነብሲኻ ዘድልዩዋ - ከም መግቢ፡ ጽሬት፡ እኹል ማይ፡ ዕረፍቲ፡ ምዝንጋዕ ወዘተ. - ኣይትኽልኣያ።

**7.** ምስ መማህርትኻን መምህራንካን ጽቡቕ ዝምድና ይሃሉኻ። ጽቡቕ ዝምድና ንጹህ ናይ ምርድዳእ ባይታ'ዩ ዝፈጥር። ኣብ ክፍሊኻ ምስ መምህርትኻ፤ ምስ ናይ ነፍሲ- ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ መምህርካ ጽቡቕ ዝምድና እንተ ሃልዩካ፡ ደስ እናበለካ ክትመሃር ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ሓገዝ ኣብ ትደልየሉ ከይተሰከፍካ ክትሓትትን ክትሕገዝን ትኽእል።

**8.** ንኹሉ ዝወሃበካ ዕዮ፡ ፕሮጀክትን ፈተናን ኣብ ጥራዝካ ክትሕዞ ፈትን። ንነፍሲ-ወከፍ ዕዮ ክትሰርሖ ተቓለስ። ንዝተጋገኻዮ ጽቡቕ መኣረምታ ግበረሉ።


**9.** ዝሓሰብካዮ ክትገብር ዓቕሚ ከም ዘለካ ዘክር። ዝደለኻዮ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ሓማቕ ሰብ የለን። ንፉዕ ክትከውን እንተ ደሊኻ፡ ዝደለኻዮ ክትከውን ብዘይካ ባዕልኻ ዝኽልክለካ የለን።

**10.** ... (እንዶ ቍጽሪ 10 ባዕልኻ ናትካ ዝምችኣካ ሕጊ ግበረላ።)

መም. ስተላ መሓረና

## ኣለክሳንደርን ዲዮግኖስን

ሓደ መዓልቲ ኣለክሳንደር ዓቢ ናብ ኮሪንስ ኣላገሰ። ብዝሓለፎ ኣንጎሎ ካብ ዝነኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ወዲ ዓዲ፡ ከምኡ'ውን ኵሎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ብዓቢ ክብሪ ተቐበልዎ። እንተኾነ ሓደ ዲዮግኖስ ዝተባህለ መስሓቕ ሰብ ጥራይ ኣለክሳንደር ዓቢ ምምጽኡ ግዲ ዘይገበረሉ ነበረ። ከም ቡድሃ ብጫ ቀምሽ ኣይተኸድነን። "እቲ ዘሎናን ክህሉወና ወይ የድልየና ኢልና እንሓስቦ ነገራት፡ ካብቲ ዝዓበየ ናይ ህይወት ሓጐስ ጓል መገዲ ፈጢሩ ዘርሕቐና'ዩ፡" ኢሉ ይኣምን ነበረ። ስለዝኾነ ኵሉ ንብረቱ ንኻልኦት ለጊሱዎ'ዩ። ዳርጋ ቅርዓኑ ወጺኡ ኣብ ማእከል



ዕዳጋ ኮሪንስ ዝርከብ ቅርዓት ገዛኡ ናጽነቱ እናስተማቐረ ኮፍ ኢሉ ነበረ።

ኣለክሳንደር ዓቢ ናይዚ መስሓቕ ሰብኣይ ዕላል ምስ ሰምዐ ክረኽቦ ተሃንጠየ። ምዕሩግ ክዳውንቱ ተኸዲኑ ብዙሕ ሰብ እናዓጀቦ ናብ ዲዮግኖስን ከደ።

"ፈትየካ ኣለኹ። ባህግኻ ንገረኒ'ሞ፡ ባዕለይ ክህበካ፡" በሎ። ዲዮግኖስ ነታ ዝነበረት ጸሓይ ብጽምኣት የስተማቕራ ነበረ።

"ጽቡቕ ኣለኻ ዓቢ ሰብ! እወ ባህጊ ኣሎኒ፡" መለሰ ዲዮግኖስ፣

"ጽቡቕ! እንታይ'ዩ በል ንገረኒ ክህበካ?" በለ ኣለክሳንደር ዓቢ፡ ሕልምን ድልየትን እቲ መስሓቕ ዝበሃል ሰብ ክፈልጥ እናደለየ።

"ጽላሎትካ ኣባይ ዓሊቡ ኣሎ። ኣብ መንጎይን እዛ ጸሓይን ንእሽተይ ኣቲኻ ስለ ዘለኻ፡" በሎ። ኣለክሳንደር ዓቢ ብመልሲ ዲዮግኖስ ተወግአ። ቍሩብ ድሕሪ ምሕሳብ ከኣ፡

"ኣነ ኣለክሳንደር ነይረ እንተ ዘይከውን፡ ዲዮግኖስ ክኸውን ምደለኹ፡" ኢልዎ ከደ።

ማክዳ ትንሱእ

www.buzzle.com/beststoriesforstudents/

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

"ሰብ ሓቂ ንዘይኰኑ ነገራት ብኣእምሮኡ ክቕጅል ይኽእል'ዩ፣ እንተኾነ ነቶም ሓቂ ዝኾኑ ነገራት ጥራይ'ዩ ክርዳእ ዝኽእል።"

- - Issack Newton

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ




## ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓይን ዛ

መቐጸልታ ናይቲ ክምህሮ ዝጸንሐ ቋንቋታት ዓረብን እንግሊዝን ሕጂ'ውን ንሓጋይ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ክምህር ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምዝገባ ከም ዝጀመረ ብሓጎስ የበስር። እንምህሮ ትምህርቲ በብደረጅኡ ን

- ጀመርቲ (Beginners)
- ማእከላይ (intermediate)
- ላዕለዋይ (Advanced) ኮይኑ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝጥዕም ጊዜ። ተወሳኺ ብናጻ ናይ Business English introductory Class ኣዳሊናልኩም ኣለና።
- ንዝያዳሓበሬታ:- ሞባይል:-07167768, 07347223, 07183179 ኣድራሻና :- ሜዳ ኤርትራ ፊት ሓወልቲ ፓስትቸርያ ጎኒ ኤሪተል እዩ። ቁ/ገዛ 66/68

ብድሓን ምጽኡ!



## መጽሓፍ ምስጢር ጾም ኣብ ጥዕና

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብጠለብ ኣንበብቲ ንኻልኣይ ግዜ ተሓቲማ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓ ኣላ።

"ምስጢር ጾም ኣብ ጥዕና፡" ዝኣርእስታ መጽሓፍ፡ ነዞም ብመግብን ምስ መግቢ ተተሓሒዞም ዝስዕቡ ሕዱርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ጠንቀም ትዝርዝርን ብልሓት መከላኸሊኦም እተኣንፍትን መጽሓፍ እያ። ንገለ ካብ ትሕዝቶ መጽሓፍ፣-

- ኣብዚ ግዜ'ዚ ንወዲሰብ ዝፈታተኑን ዘሸግሩን ዘለዉ ብእግረ ሰላሕታ እናማዕበሉ፡ ብዘይ ድምጺ ቐተልቲ (Silent Killers) ተባሂሎም ዝፍለጡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ጠንቀም ትዝርዝርን ብልሓት መከላኸሊኦም ተጉልሕን።
- ጠንቅን ሳዕቤንን ልዕሊ ኽብደት ኣካላት ወዲሰብ ተነጽርን ብልሓት መከላኸሊ ተኣንፍትን።
- ኣመጋግባና፡ ንእምነትና፡ ዕድመና፡ ዓይነት ስራሕና፡ ኩነታት ጥዕናና፡ ኣብ ግምት ዘእተወን ብምርጫን እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ጥዕና ዘሎዎ ሳዕቤንን ጽልዋን ተብርህን ትዝርዝርን።
- ክንክን ቅድመ እርጋንን ኣመጋግባ ልዕሊ 50 ዓመት ዕድመን ብምዝርዛር፡ ገምጋም ዕምሪ (Life Expectancy) ወዲሰብ ምንዋሕ ዝብሉ፡ ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ኣብ ውሽጣ ኣካቲታ ተዳልያ ኣላ።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ኩለን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ፣

ኣብ መንደፈራ ሰላም ስተሽነሪ፣ ባረንቱ ፍቕር ስተሽነሪ፡ ከረን እምባሶይራ ስተሽነሪ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። ዓዲግኩም ተጠቐሙላ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ተሌፎናት 07148665፡ 0757077፡ 07755029 ደዊልኩም ተወከሱና ኽንሕግዘኩም ድሉዋት ኢና።

**እንምገቦ መግቢ፣ "ንዕድመናን ዓይነት ስራሕናን ኣብ ግምት ኣእቲና፣ ከም መድሃኒት እንተዘይወሲድናዮ፡ ንመድሃኒት ከም መግቢ ኽንወስዶ ኽንግደድ ኢና።"**

**ኣዳላዊ መጽሓፍ መም ኣስመሮም ገብረማርያም 07148665**


### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ኣሎም ጉብረሂወት፡ ወደይ ዳኒኤል ኢያኑብ ተስፋዝጊ ስለዝተሰወኡ ኣነ ምስ ብፆል ቤተይ ኢያኑብ ተስፋዝጊ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2611/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ደሊና ፍስሃየ ጎይትኦም፡ ተጸዋዒት ኣደይ ወ/ሮ ኣብርሀት የማነ ወብ፡ ካብ 2008 ካብ ገዛ ምስ ወጸት ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጸወዓለይ፡ እንተዘይቀሪባ፡ ጥፍእቲ ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሰለሙን ገብረእግዚኣብሄር፡ ወለድና ገብረኣግዚኣብሄር ብርሃ ብጹዱን ማና ረዳ ገብረማርያምን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሳዪም ተኽለ ገብረገርግስ ምባል ተሪፉ፡ ርቢል ተኽለ ገብረጊዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን20/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ሳልሕ መሓመድዓሊ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ ሳልሕ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


# ቀንዴል

## 1.ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን ብኢንጅነራን ዝተመረቐ

## 2.ኮምፒተር

## 3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ

## 4. ግራፊክስ

## 5. ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ


ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።


**ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል**


ቑ.ስ. 121571 /07325197



## ዘሐጉስ ብስራት ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ




ንኹሉኹም ተማሃሮ 9ይ ፣ 10ይ ፣ 11ይ ከምኡ'ውን ንናይ 12ተሃገራዊ መርመራ እትዳለዉ ተማሃሮ ። "New Mathematics Part 1, New Mathematics Part 2 and New Mathematics Part 3" ዘርእስተን ሰለስተ መጻሕፍቲ ምስ እኹል መብርሂታት ፣ መላመዲታት ፣ ሕቶታትን ምስ መልስታቶምን ተዳልየልየናልኩም ኣለዋ ።

**መም. ምሕረትኣብ ገብረመድህን tel.07121208**



## ዓቢ ብስራት ንወለዲ

መጽሓፍ ፈደላተይ፡ ንተመሃሮ ቅድመ ትምህርትን ቀዳማይ ክፍልን እተገልግል ናይ ቋንቋ ትግርኛ መጽሓፍ፡ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። እዛ ቀዳሞት ፈደላት ትግርኛ (ግእዝ) ዝሓቑፈት መጽሓፍ፡ ንተማሃሮ ስእላዊ መግለጽን ቀለልቲ ኣብነትታት ዘሰነየት ኮይና፡ ተማሃሮ ብዝቐለለ መገዲ ቋንቋ ትግርኛ ክመሃሩ ተገልግል።

መጽሓፍ ፈደላተይ፡ ኣብ ካሪክለም ኤርትራ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወት መምሃሪት መጽሓፍ መምህራንውን ከም መምሃሪ ቋንቋ ክጥቀሙላ ይኽእሉ።

ቋንቋ ትግርኛ፡ መፍትሕ ናይ ኩለን ዓይነታት ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ደቅኹም ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ትግርኛ ንኽመልኩ **መጽሓፍ ፈደላተይ** ወንንዋ።

ደቅኹም፡ ኣብ ቋንቋ ብዘይ ገለ ጸገም ንኽግስግሱ፡ መጽሓፍ ፈደላተይ ምረጹ!!

ኣዳላዊ መጽሓፍ፡ መም. ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)
07190414







ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ (ስተሽነሪ) ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

ኣካፋፋሊ ሰቲት ስተሽነሪ
07222010

## Shiyan Wanglin Construction Labor Service Co., Ltd (Eritrea Branch)
## Vacancy Announcement

Shiyan Wanglin Construction Labor Service Co., Ltd is inviting applicants for the following positions:

**1. Job Title: Project Leader**
Number required: 01
Type of Contract: Indefinite
**Duties and Responsibilities**

- Assume overall responsibility for **site safety management,** ensuring strict compliance with all company and client HSE policies and procedures.
- Oversee and direct all aspects of **construction organization and process control**, optimizing resource allocation to meet project timelines and specifications
- Drive **quality and technical management,** including reviewing and approving technical documents, drawings, and work procedures to ensure adherence to engineering standards.
- Implement rigorous **cost control** measures, monitoring budgets, managing expenditure, and seeking efficiency improvements to maximize profitability.
- Provide leadership and direction for the project **team management**, including hiring, training, performance evaluation, and fostering a collaborative and high-performing work environment
- Act as the primary point of contact for the client and other stakeholders.

**Qualifications**
- Bachelor's Degree or higher in Engineering (Mining, Civil, Mechanical)
- Strong knowledge of industry best practices, safety regulations (HSE), and quality management systems.
- Excellent leadership, communication, and financial management skills.
- Familiarity with relevant project management software and tools.

**Experience**
- Minimum of 5 years of progressive experience in Engineering Management
- Proven track record of managing large-scale engineering or construction projects in a mining environment.
- In-depth, demonstrable experience with mine process flows (e.g., underground development, processing)

**2. Position: Surveyor (Underground Mine Operations)**
Number required: 01
Type of Contract: Indefinite
**Duties and Responsibilities**

- Establish and connect to the owner's control points (primary and secondary networks) and maintain accurate control throughout the project area..
- Accurately mark profile lines of sections (cuts/fills) and provide setting-out data for drilling, blasting, and excavation activities..
- Conduct in-process checks for bore holes, support positions, and excavation deviations to ensure compliance with design specifications.
- Prepare and submit comprehensive, timely, and accurate measurement reports, daily survey logs, and volume calculations.

**Qualifications**
- Certificate or Diploma in surveying, or a related field.
- Expert proficiency in operating and calibrating Total Stations GNSS/GPS equipment and advanced tools.
- Proficiency in surveying software (e.g., Auto CAD, Micro Station, specific mine planning software).,
- Ability to read and interpret complex engineering drawings and mine plans.

**Experience**
- Proven experience in underground mine surveying, specifically mapping ramp and tunnel systems.
- Expert proficiency in operating and calibrating Total Stations GNSS/GPS equipment and advanced tools.
- Proficiency in surveying software (e.g., Auto CAD, Micro Station, specific mine planning software).,
- Ability to read and interpret complex engineering drawings and mine plans.

**3. Position: Management of Water and Electricity (Mine Construction)**
Number required: 1
Type of Contract: Indefinite
**Duties and Responsibilities**

- Be fully responsible for the daily operation, maintenance, and repair of all water and electrical equipment, systems, and infrastructure within the project area.
- Ensure the normal and continuous operation of pumps, fans, power distribution systems, communication lines, and lighting within the mine tunnels.
- Conduct routine inspections and preventative maintenance to identify and mitigate potential failures or hazards.
- Manage inventory of spare parts and necessary tools for timely repairs.

**Qualifications**
- Relevant certifications (e.g., Electrician, Fitter, and Plumber) are highly advantageous.
- Demonstrated expertise in the operation, installation, and maintenance of underground dewatering systems and electrical distribution networks.
- Strong diagnostic and troubleshooting skills for industrial equipment.

**Experience**
- Minimum of 5 years of construction or maintenance experience specifically related to mine tunnels or underground infrastructure.
- Experience in conducting preventative maintenance and timely repairs to ensure system uptime.

**4. Position: Support Operator**
**Number required: 6**
**Type of Contract: Indefinite**

**Duties and Responsibilities**
- Accurately install rock bolts, cable bolts, and welded mesh according to engineering specifications and ground control plans.
- Ensure all installed supports are securely fastened and tensioned as required to guarantee ground stability and worker safety.
- Cooperate closely with QA/QC inspection personnel to identify and rework any non-conforming parts or support installations immediately.
- Perform pre-start checks and maintain the support equipment (e.g., bolter, integrated bolter/jumbo).

**Qualifications**
- Valid and current underground mine support operator certification or equivalent trade qualification.
- Familiarity with various ground support techniques, including bolting and mesh installation.
- Underground of Quality Assurance (QA) inspection requirements for ground support.

**Experience**

- Minimum of 2 years of experience in installing ground support systems (rock bolts, welded mesh) in an underground environment.

- Experience cooperating with QA/QC teams for rework and compliance verification.

*Continued on page 8*

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Continued from page 7

**5. Position: Drillers**

**Number required: 4**
**Type of Contract:** Indefinite

**Duties and Responsibilities**

- Operate Drill Rig: safely and efficiently operate anchor drilling rigs , including set up drilling, and retrieval of equipment , specifically for the installation of ground support anchor (rock bolts, cable bolts, etc.) in underground or surface mining/construction
- Drilling Procedure: interpret technical drawings and geological maps to determine the correct drilling depth, angle, and location. Adjust drilling parameters (speed, pressure, water flow) as necessary to optimize performance.
- Maintenance & Inspection: conduct routine pre start checks, inspections and preventative maintenance on the drill rig and associated equipment.
- Safety & compliance: strictly adhere to all safety protocols, including ground control standards, ventilation requirements, and the use of personal protective equipment (PPE). Report all incidents, near misses, and equipment malfunctions promptly.
- Documentation: maintain accurate records of drilling activities, including meters drilled, materials used, geological data encountered, and daily operational reports.

**Qualifications:**

- Technical or Vocational training Certificate
- Relevant Drilling / machine operator certification or trade qualification specific to drilling, ideally for anchor/ground support work.
- Valid Driver's License (may require a heavy equipment or commercial class).

**Experience;**

- Minimum 5 years of hand-on experience operating drill rigs, with a strong focus on anchor, rock bolt, or cable bolt installation in a mining or civil tunneling environment.
- Proven experience in troubleshooting and performing basic maintenance on drill equipment.
- Familiarity with various ground support techniques and materials.

**6. Position: Scaffolders**

**Number required: 4**
**Type of Contract: Indefinite**

**Duties and Responsibilities**

- Erection and Dismantling: construct, alter, and dismantle complex temporary scafford structures (including tube and fitting, and load-bearing capacity.
- Safely Compliance: conduct mandatory safety checks and inspections or erected scaffolding before handover and during its use. Ensures all work adheres strictly to safely regulations, industry standards, and site-specific fall protection protocols.
- Reading plans: interpret technical drawings, blueprints, and scaffolding plans to determine the correct build specification.
- Hazard Identification: identify and asses potential hazards, especially working at heights and near heavy machinery, and implement appropriate control measure

**Qualifications**

- Technical or Vocational training Certificate
- Formal training or recognized scaffold trade certificate/ license
- Working at heights certifications

**Experiences**

- Minimum 5 years of proven experience as a certified scaffolder in an industrial, mining, or large scale construction environment.
- Extensive experience with the construction of various type of complex scaffolds(e.g., suspended , cantilever, mobile towers).
- Demonstrate knowledge of load calculations and safe rigging practices.

**Other Requirements to All Positions**

- Strong physical stamina and ability to work in a demanding environment
- Ability to work independently and as part of a team
- Strong attention to detail and quality
- Ability to work in confined spaces and at heights
- Excellent problem – solving skills and ability to work towards strict deadlines with high level of accuracy
- Communication – English

**General Information to All Positions**

- Place of work: BMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company Salary Scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/Last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper
- Applicants should attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants should provide letter of service from former employers
- Address: Please mail your applications to:

  Shiyan Wanglin Construction Labor Service Co., Ltd P.O.Box 7986 Asmara, Eritrea

**Applicants shall be required to send a copy to:**

- Department of Mineral Resources Management

  P.O.Box 272 Asmara, Eritrea
- Aliens Employment Permit Affairs

  P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 18 ክፋል

## ዛንታ

"ዘኽበርካ እንጅነር ሰመረ፡

"ኣብ ዝሓለፈ ግዜ 1500 ግዜ 'ስርቂ ግናይ ልምዲ' ኢልካ ጽሒፍካ ነይርካ። ሎሚ ድማ ክትቀምቀም እእዝዞካ ኣለኹ። እዚ ምስ ዘይትገብር እንታይ ከምዝመጽኣካ ትፈልጥ ኢኻ። ተሰፋ እገብር ኣብ ህይወትካ ለውጢ ትገብር ክትህሉ። ሳልሰይቲ ትእዛዘ ድማ ክሳዕ ዝመጽእ ዓርቢ ስራሕ ክትጅምር ኣለካ። ስራሕ እንተዘይጀሚርካ ናብቲ ዝሰበርካዮ ሕማቕ ስራሕ ክትምለስ ኢኻ። ስለዚ ስራሕ ጀምር። እንተዘይኮይኑ ነታ ስእሊ ናብ ፖሊስ ኣረኪበ ከእስረካ እየ። ስራሕ ምስ ጀመርካ መጺእካ ንሳይሞን ንገሮ። ሳይሞን ድማ ኣብቲ ስራሕ ዝጀመርካሉ ቦታ መጺኡ ክርእየካ እዩ። ንስኻ ሱብ ክትከውን እንገብሮ ዘለና ጻዕሪ እዩ። ስለዚ ንፋዕ ሱብ ኩን! መምህርና 'ዘይሰርሕ ሱብ ህሉው ኣይኮነን!' ትብለና ነይራ። ንስኻ ድማ ህሉው ንኽትከውን ስራሕ! እዚኣ እንተገይርካ ኣብ ሓጺር ግዜ ክንራኸብ ኢና። ብድሕሪኡ ነጻ ሱብ ክትከውን ኢኻ። እዚኣ ናይ መወዳእታ ትእዛዝ እያ። ኣጆኻ ብዓወት ዛዝማ። ብሰላም የራኽበና።

ኣብ ቈጃሕ"

ሰመረ፡ ነታ ደብዳበ ኣንቢቡ ብዘወድኡ፡

"እዋይ ጉድ! ሕጂ ደኣ እንታይ እዩ ዝግበር? እንታይ ዓይነት ስራሕ እየ ክጅምር? ውይ ውይ!" ደጋጊሙ ብኽልተ ኢዱ ርእሱ ደረዘ።

"እታ ዘለዓልኩላ መዓልትስ ከመይ ዝበሉዋ ቅርስስቲ መዓልቲ እያ? ሕጂ እንታይ ዓይነት ስራሕ እየ ክሰርሕ። ብዛዕባ ስራሕ ሓሰብ'ኳ ዘይፈልጥ? ሕጂ እንታይ እንተገበርኩ ይሕሸኒ። ሽግር ብኢዳን ብእግራን መጺኡ። ዋላ ንባባ ስራሕ ድለየለይ ኩብሎ እምበር እንታይ ኣማራጺ ኣለኒ" ንብይኑ እናተዛረበ መገዲ ገዛውቶም ሓዘ። እንታይ ክሰርሕ ከምዝለዎ ምስ ኑብሱ እናተረዳድአ ከይተፈለጦ ገዛውቱ በጽሐ።



ሰዓት 6:30 ድሕሪ ቀትሪ ስለ ዝነበረ መሬት ዓይኒ ክሕዝ ጀሚሩ ነበረ።

"ሰሜ...ሰሜ" ኣብ ኣንጉሎ ናይቲ ገዛውቲ ንበይኑ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ መዘናኡ ተዳህየ።

ሰመረ፡ ኣብ ሓሳብ ጥሒሉ ስለ ዝነበረ ነቲ ዝጸውዐ መንእሰይ ክሰምዖ ኣይከኣለን። እቲ መንእሰይ ደጊሙ ዓው ኢሉ ጸውዐ። ሰመረ ስለ ዝሰምዖ ናብቲ መንእሰይ ቀሊሕ ብምባል ናብኡ ቀረበ።

እቲ መንእሰይ፡ ሰመረ ኣብ ጥቕኡ ምስ በጽሐ ብሰላቕ ክርትም በለ።

ሰመረ፡ ብኽልተ ኣእዳዉ ርእሱ እናደረዘ እቲ መንእሰይ ክሳዕ ዝዛረብ ክጽበዮ ወሰነ። ስለምንታይ ይስሕቕ ከም ዘሎ ድሮ ተረዲእዎ ነበረ።

"ዓርኩ እንታይ ደኣ ጃጉላ ኴንኪ? ሓድሽ ነገር ኣሎ ድዩ?" እቲ መንእሰይ፡ ኑቲ ጸጉሪ ዘይነበሮ ርእሲ ናይ ሰመረ ብምግራም ጠመቶ።

"ተቐምቂመዮ?" ሰመረ ከይተገደሰ መለሰ። ዘረባ ናይ'ቲ መንእሰይ ባህ ኣይበሎን።

"እንታይ ደኣ ጀምዓ ገለ ከሊኻዮ?" እቲ መንእሰይ፡ ብጸጋማይ ኢዱ ጸጉሪ ርእሱ እናፈሓሰ፡ መልሓሱ ኣእትዩ ኣውጽእ እናበለ፡ ርእሱ ንየማን ንጸጋም እናወዛወዘ ተዛረበ።

"ዳርጋ ከምኡ እዩ" ሰመረ ብዘተሰላቸወ መንፈስ መለሰሉ።

"ከመይ ማለት? ከም ደርሆ ኣለ ሰዩ ኣብ ገዛ ክትዳኽል ማለት ድዩ?" እቲ መንእሰይ ገረሞ።

"እወ ድሕሪ ሕጂ ኣብዚ ኣንጉሎ ቀንፈዘው ምባል ገዲፈዮ ኣለኹ፡" ሰመረ ውሳነኡ ኣፍለጦ።

"ስለምንታይ ከሊኻዮ?" እቲ መንእሰይ፡ ቡቲ ረሳሕ ሻባቶኡ መሬት ሃረመ።

"ጥቕሚ ስለ ዘይብሉ፣ ድሕሪ ሕጂ ሱብ ክኸውን ወሲነ ኣለኹ፡"

"ሱብ ክኸውን ወሲነ ኣለኹ? እንታይ ማለትካ እዩ? ንሕና'ከ ሱብዶ ኣይኮንናን ኢና?" እቲ መንእሰይ ሓረቐ። ሰመረ ኣብ ሓጺር ግዜ ምልዋጡ ገረሞ።

"ንስኻ ደኣ ሱብ! ኣነ ግን ሱብ ኣይነበርኩን... ምስዚ ሕጂ ዘለኹዎ ማለተይ'የ። ስለዚ ኣነ ክገድፈካ ገዛ ክኸይድ። ሰድራ ይጽበዩኒ ኣለው፡ " ሰመረ ናብ ገዛኡ ክኸይድ ተበገሰ።

"ዕዝር በል ከመይ ዓይነት ጉማማ እዩ ወደይ። ሱብዶ ገለዶከ ይብል። ከመይ ዓይነት ጁዕ'ዩ! ጁዕ ወ ጁዕ!" እቲ መንእሰይ፡ ብሕርቃን ኣብቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ሓፍ ብምባል፡ እግሩ ናብ ዝመርሖ ገጹ ተዓዝረ።

ሰመረ፡ ከምዚ ኢሉ ብድፍረት ክዛረብ ምኽኣሉ ስለ ዘሐጎሶ ክምስምስ እናበለ ገዛ ኣተወ። ኣብ ገዛ ኮይኖም ዘዕልሉ ዝነበሩ ኣቡኡ፡ ኣዲኡ፡ ሰለስተ ኣሕዋቱ። ሰመረ ተቐምቂሙ ምስ ረኣዩዎ ኩሎም ደንጸዩዎም ክሳዕ ኮፍ ዝብል ብኣግርሞት ጠመትዎ። ኮፍ ድሕሪ ምባሉ፡

"ሰመረ ወደይ ደኣ እንታይ ረኺቦ ጸጉርኻ?" ኣቦኡ ንሓድሽ ትርኢት ወዶ ብኣድንቖት እናጠመተ ተዛረበ። ሰመረ ወዶ ኣብዚ ሓጺር ግዜ ዘርኣዮ ለውጢ ከስተብህለሉ ቀንዩ እዩ።


"ቀሪጸዮ፡" ንሰድርኡ ብሕፍረት ብበሓደ ጠሙቶም።

"ኣሰይ እዚ ወደይ! ክንዲ ምንታይ ጸቢቐካ ኣለኻስ ተረዲእካዶ ይኸውን?" ኣደ ሰመረ ብሓጎስ ተመሊኣ ተዛረበትሉ። ብዙሕ ግዜ ጸጉሩ ክቖርጽ ለሚናቶ እያ እንተኾነ ክሰምዓ ኣይከኣለን። ሎሚ ከምዚ ኢሉ ምስ ረኣየቶ ልባ ብሓጎስ ተመልአ።

"ማማ፡" ንኣዲኡ ቀው ኢሉ ጠመታ። "ኣብ ቅድሚ መስትያት ኮይነ እኳ'የ ተቐምቂመ፡" ሰመረ ክምስ በለ። ሰድርኡ ብኡ ምሕጓሶም ኣሐጎሶ።

ይቕጽል...

10 ፍልልይ ርኸቡ



ኣብዚኣ ቍረጽዋ



ስም፡ ____________

ቤት ትምህርቲ፡ ____________ ክፍሊ፡ ____________

ኣድራሻ፡ ____________ ዞባ፡ ____________

ሞባይል፡ ____________ ወይ ____________

ዘኽበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'፡ 'ውድድር ተርሙማ' ዓሰርተ ሓሙሽተ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ መበል ዓሰርተ ሽድሽተ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። ዕስራ ዕዉታት ተመሃሮ ክሸለሙ ምዃኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዝበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጾስታ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጾ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 22-11-2025 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!

### ሀ. ሕቶታት ባህሊ

1. ናይ ዝተጣሕነ እኽሊ ሓርጭ ዘውህለሉ ብሽንኽ ቅድሚት ናይ መጥሓን ዝርከብ ማዕከን እንታይ ይበሃል?

መልሲ፡ ____________

2. ንኽሳድ ናይ'ቶም ኣብ ማሕረስ ዝዋፈሩ ኣብዑር ዝቖርን ክፋል ናይ ኣርዑት እንታይ ይበሃል?

መልሲ፡ ____________

3. ዕታር ወይ ሕቛፍ ሽዊት ዓተር፡ ባልደንጓ፡ ዓይኒ ዓተር... (ጥረታት) እንታይ ይበሃል?

መልሲ፡ ____________

4. ጤል እትበልዖ ውልዶ ቈጽሪ ወይ ጨንፈር ናይ ተኽሊ መሮር እንታይ ይበሃል?

መልሲ፡ ____________

5. መጀመርታ ማሕረስ ናይ ቓዲሩ ዝጽንሐ መሬት እንታይ ይበሃል?

መልሲ፡ ____________

### ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ

1. ቀሺ ጂሰፓ ሳፐቶ ነቲ ብምትላል ዝዓደጎ መሬት መኣስ ተቐቢልዎ?

መልሲ፡ ____________

2. ብ2 ሓምለ 1874 ብግብጻውያን ዝተታሕዘት ቦታ መን እያ?

መልሲ፡ ____________

3. በረምበራስ ካፍል ምስ ሰዓብቱ ንከረን መኣስ ዕለት፡ ወርሒ፡ ዓመተ ምህረት ተቖጻጺሩዋ?

መልሲ፡ ____________

4. ዶክተር ሪካርዶ ኣስቱቶ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ንክኸውን መኣስ ተሸይሙ?


መልሲ፡ ____________

5. ሻድሻይ ወራር ካብ መኣስ ክሳዕ መኣስ ተኻይዱ?

መልሲ፡ ____________

### ሐ. ግድል

ነዛ ነጻ ዘላ ሳንዱቕ፡ ተጀሚሩ ብዘሎ ስእላዊ መግለጺ ስርሑዋ?



### መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. ኣብ ኤርትራ ተንቀሳቓሲ ተለፎን ንኣገልግሎት ህዝቢ ዝወዓለሉ መኣስ እዩ?

መልሲ፡ ____________

2. ሽልማት ኖቤል መጀመርታ ዝወሰደት ኣፍሪቃዊት ጓል ኣንስተይቲ መን እያ?

መልሲ፡ ____________

3. ሓሰማ ክንደይ ናይ እግሪ ኣጻብዕቲ ኣለዉዋ?

መልሲ፡ ____________

4. ናይ ገመል ጸባ ኣይረግእን እዩ። ሓቂ ወይ ሓሶት ብምባል መልሱ?

መልሲ፡ ____________

5. ናይ መጀመርታ ናይ ከተማ ህዝባዊ መጕዓዝያ ብ1662 ኣበይ ጀሚሩ?

መልሲ፡ ____________

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ሃገራዊ ውድድር ባድሜንቶን

ሃገራዊ ውድድር ባድሚንተን ኤርትራ፡ ትማሊ ዓርቢ 7 ሕዳር ቅድሚ ቀትሪን ድሕሪ ቀትሪን ውድድራቱ ቀጺሉ ነይሩ።

ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ኣብ ዘሎ ውድድራት ኩለን ዞባታት ናይ ምድባ ውድድረን ዛዚመን ናይ ፍርቂ ፍጻመ ውድድራተን ሎሚ ቀዳም ከካይዳ'የን። ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዝተኻየደ ውድድር ናብ ፍርቂ ፍጻመ ክበጽሓ ከለዋ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ሎሚ ናይ ርብዒ ፍጻመ ውድድራቶም ክካይዱ'ዮም።

ኣብ ናይ ስንኩላን ደው ኢልካ ዝጽወት ግጥማት (standing para-badminton) ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ወሃቢት ሃይለ ንሰላማዊት ተስፋሚካኤልን ኑቢያት ኪዳን ኣኸቲላ ተዓዊታ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ተኽሊት ወልደየውሃንስ ቀዳማይ ዘርኣሰናይ ጉብረመስቀል ካልኣይ መድሃኔ ይትባርኽ ድማ ሳልሳይ ብምዃን ተዓዊቶም። ኣብ ናይ ዓረብያ ዝጽወት ግጥማት (wheelchair para-badminton) ደቂ-ተባዕትዮ ሓይልኣብ ኤልያስ ንኣንገሶም ሃይለ ረቲዑ ብምዕዋት ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። ድራር ዑቕባሚካኤል ምስ ኣስራት ተኽላይ ናይ ፍጻመ ውድድር ክካይዱ'ዮም።



እዚ ብውዕውዕ መንፈስን ተወዳዳርነትን ዝቕጽል ዘሎ ጸወታታት፡ ሎሚ ቀዳም'ውን ኣብ ሜዳ ቤት-ትምህርቲ ደምበ-ሰምበል ቀጺሉ ክውዕል'ዩ። ሰንበት 9 ሕዳር ሰዓት 8:30 ቅ.ቀ. ብዝቕጽል ውድድራት ከም ዝዛዘም ድማ ህዝባዊ ርክባት ሃ/ፌ/ ባድሚንተን ኤርትራ ሓቢሩ።

## “መጻኢየይ ክትግምቶ ከቢድ'ዩ” ቶናሊ

ኣከፋፋሊ ኒውካስል ዩናይትድ ሳንድሮ ቶናሊ፡ ኣብዛ ጋንታ ሕገስ ምህላዉን ክወጽእ ከምዘይሓስበን ገሊጹ።

ቶናሊ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2023 ካብ ኤሲ ሚላን ብ55 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኒውካስል ምግዝኡ ይዝከር።

እዚ ኢጣልያዊ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል እኳ እንተፈረመ፡ ኣብ ምውርራድ ይሳተፍ ምንባሩ ድሕሪ ምፍላጡ ግን፡ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢጣልያ፡ ካብ ጥቅምቲ 2023 ዝጀመረ ን10 ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ዝኣልዮ መቕጻዕቲ ተወሲኑሉ። በዚ ድማ ዝኸን ዝኸሰረን ኣዋርሕ ንምትካእ፡ ውዕሉ ብሓደ ዓመት ክናዋሕ ተገዲዱ። ስለዚ፡ ናይ ሓደ ዓመት ብምውሳኽ፡ ክሳብ 2030 ከተጸንሖ ተኽእሎ ከምዘሎ ይሕበር።

ቶናሊ፡ ኒውካስል ዩናይትድ ዝሓለፈ ረቡዕ ምሸት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንኣትሌቲክ በልባኦ 2ብ0 ድሕሪ ምስዓራ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ዝተሓተቶ፡ “ከቢድ ሕቶ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓመት ዓመት ክትሓስብ ኣለካ። 10 ዓመት ክጸንሕ ይደሊ'የ ክብል ኣይደልን'የ። ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ወይ'ውን ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመት ክኸይድ'የ” ኢሉ።



ኒውካስል ዝሓለፈ ክረምቲ ድሕሪ'ቲ ነዊሕ እዋን ዝኸደ ናይ ምስሕሓብ ክትዕ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ብ125 ሚልዮን ፓውንድ ምፍናዋ ይፍለጥ። ቅድሚ'ቲ ውዕል ምዝዛሙ ግና፡ ዝምድናኦ ምስ ኢሳቕ ሓርፊፉ ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብዛ ዓመት ጸወታ 14 ግዜ ዝተሰለፈ ቶናሊ ድማ “ዝሓለፈ ክረምቲ ንዓና ኢሳቕን ከቢድ'ዩ ነይሩ፡ እዚ ግን ኩዕሶ እግሪ'ዩ። ኣማራጺ ትኸውን ካልእ ክለብ እንተረኺብካ ክትሓስብ ኣለካ። ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስዛ ክለብ ሕገስ ኣለኹ። ብዛዕባ ዝኾነት ክለብ ኣይሓስበን'የ።” ኢሉ ኣሎ።

## ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንበሊንግሃምን ፎደንን ትጠልቦም

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ቶማስ ቱኸል ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ምስ ሰርብያን ኣልባንያን ኣብ ዝካየድዎ ግጥም መጻረዪ ዋንጫ ዓለም፡ ንጁድ በሊንግሃምን ፊል ፎደንን ምስታ ጋንታ ክጽንበሩ ጠሊቡ።

ብተመሳሳሊ ኣከፋፋሊ ቦርንማውዝ ኣሌክስ ስኮት'ውን ንመጀመርታ ግዜ ካብዛ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ዕድመ ቀሪቡሉ ኣሎ። ወዲ 22 ዓመት ስኮት፡ ኣካል ናይታ ኣብዚ ክረምቲ ሻምፕዮን ኤውሮጳ ትሕቲ 21 ዓመት ዝዓተረት ጋንታ እንግሊዝ'ዩ ነይሩ። ኣብ ኩለን 10 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ናይ'ዚ ወቕቲ ተሰሊፉ ድማ፡ ሓንቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ጋንታኡ ኣብ ሓምሻይ ደረጃ ክትስራዕ ሓጊዙ ይርከብ።

ቱኸል ንኣጥቃዓይ ብራይተን ዳኒ ዌልበክ ምስታ ጉጅለኡ ክጽምብሮ ንዝቐረበሉ ጸውዒት ክጸግ እንከሎ፡ ካብ ማንሲቲ ብልቓሕ ናብ ኤቨርተን ዝገዓዘ ኣከፋፋሊ ጃክ ግሪሊሽን ናይ መኣዝን ተኸላኻላይ ትሬንት ኣሌክሳንደር-ኣርኖልድን እውን ኣይክጸንበርዎምን እዮም።





ቱኸል፡ ኣብ ወርሒ ኑሓሰ በሊንግሃም ኣብ ሜዳ ዘርኣዮ ዘሎ ባህርያት 'ዘጽልእ' ክብል ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ ወርሒ ኑሓሰ ይቕረታ ብምሕታቱ ምስ በሊንግሃም ዘሎ ጸገም ከምዝይብሉ ሓቢሩ። ኣብ ሪያል ማድሪድ ንኣርኖልድ ወዲ ጋንታኡ ዝኾነ በሊንግሃም፡ መጥባሕቲ መንኮብ ገይሩ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት እዛ ጋንታ በኹሩ ነይሩ።

ብተመሳሳሊ ኣብቲ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ግጥማት'ውን ዘይተመረጸ ኣከፋፋሊ ማንሲቲ ፎደን ንመወዳእታ ግዜ ንሃገሩ ዝተሰለፈላ ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣንጻር ላቲቭያ ነይሩ። ኣብዚ ወቕቲ ምስ ማንሲቲ ዝተመሓየሸ ብቕዓት ዘርኣየ ኮይኑ፡ ብረቡዕ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንዑሩስያ ዶርትሞንድ 4ብ1 ኣብ ዝሰዓሩሉ ግጥም ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ'ዩ።

እንግሊዝ ዝሓለፈ ወርሒ ንላቲቭያ ብምስዓር ናብ ዋንጫ ዓለም 2026 ምሕላፋ ከተረጋግጽ እንከላ፡ ሓሙስ 13 ሕዳር ምስ ሰርብያ ተጋጢማ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ምድብ ጸወታኣ ኣንጻር ኣልባንያ ክተካይድ እያ።

ሓላዊ ልዳት ኒውካስል ኒክ ፖፕ፡ ተኸላኻላይ ማንሲቲ ኒኮ ኦሪሊ፡ ኣከፋፋሊ ክሪስታል ፓላስ ኣዳም ዋርተንን ካልኦት ተጻወትቲ'ውን ጸውዒት ናይ'ዛ ጋንታ ረኺቦም ኣለው።

## ኣያክስ ንኣሰልጣኒኡ ሄይቲንጋ ኣባሪሩ'ዎ



ኣያክስ ንኣሰልጣኒኡ ሆላንዳዊ ጆን ሄይቲንጋ፡ ሸሞንተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ካብ ስርሑ ከምዘባረሮ ኣፍሊጡ።

ወዲ 41 ዓመት ሄይቲንጋ፡ ካብ 11 ግጥማት ኤረዲቪዚዮን ኣብ ሓሙሽተ ጥራይ ተዓዊቱ። እዛ ጋንታ ድማ፡ ካብ መራሒት ሊግ ዘላ ፈይኖርድ ብሸሞንተ ነጥቢ ድሒራ ኣብ ራብዓይ ተርታ ተሰሪዓ ትርከብ።

ኣያክስ ኣብዚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብ ዝተኻየደቶም ኣርባዕተ ጸወታታት፡ ረቡዕ ኣብ ሜዳኣ ብጋላታሳራይ 3ብ0 ዝተሳዕረቶ ደሚርካ ኣብ ኩሉ ተሳዒራ'ያ።

ተጻዋታይ ኤቨርተን ዝነበረ ሄይቲንጋ ዝሓለፈ ዓመት ሊቨርፑል ጸዋእ ፕሪመርሊግ ኣብ ዘልዓለትሉ፡ ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ኣርነ ስሎት ኮይኑ ሰሪሑ ነይሩ።

እዚ ናይ ቅድም ተኸላኻላይ ሆላንድ፡ ናብታ ልዕሊ 200 ጸወታታት ዝተጻወተላ ክለቡ ኣያክስ ብምምላሱ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ግንቦት ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ፈሪሙ ነይሩ።

ውዕሉ ክትሰርዝ ወሲና ዘላ ኣያክስ ኣብ ዘውጸኦቶ መግለጺ፡ “ለውጢ ዝርኣየት ክለብ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ከመሓድራ ግዜ ክወስድ ከም ዝኽእል ንፈልጥ ኢና። ንጆን'ውን ግዜ ሂብናዮ ኢና። እንተኾነ ዛ ክለብ ካልእ ስብ ክመርሓ ይሓይሽ ኢልና ኣለና።” ኢላ።

ወዲ 60 ዓመት ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ፍረድ ግሪም ንኣያክስ ንግዚኡ ከመሓድራ'ዩ።

ኣያክስ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2024 ብማን. ዩናይትድ ካብ ስርሑ ዝተባረረን ኣብ ወርሒ መስከረም ናይዚ ዓመት ድማ ንክልተ ጸወታታት ቡንደስሊጋ ንባየር ለቨርኩሰን መሪሑ ዝተባረረን ኣሰልጣኒ ኤሪክ ተን ሃግ ክትሽሞ መደብ ኣላ።

## ኣሞሪም ንነቐፌታ ሮናልዶ ምላሽ ሂቡ



ዓላሚ ማን.ዩናይትድ ሩበን ኣሞሪም፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ማን.ዩናይተድ ኣመልኪቱ ኮኾብ ተጻዋታይ ናይ'ታ ክለብን ወዲ ሃገሩን ክርስትያኖ ሮናልዶ ንዝሃቦ መግለጺ፡ ምላሽ ሂቡ።

ኣብ ዩናይትድ ሸሞንተ ጸዋእ ዝዓተረ ሮናልዶ፡ ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት፡ ዩናይትድ ‘ኩነታታ ጸቡቕ ከምዘየለን፡ ኣሞሪም ድማ ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ተኣምራት ክሰርሕ ከምዘይጽበዮን ገሊጹ ነይሩ።

እዚ ወዲ 40 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣልነስር፡ ፖርቱጋላውያን ‘ተኣምራት ኣብ ፋጢማ ጥራይ'ዩ ዝፍጸም።’ ንዝብልዋ ቅጽል ብምጥቃስ ንርእይቶኡ ኣራጉዱ።

ኣብ ሕዳር 2024 ካብ ኤሪክ ቴን ሃግ ስልጣን ዝተረከበ ኣሞሪም፡ ቅድሚ ኣብ ግጥማት ፕሪምየርሊግ ምስ ቶተንሃም ምርኻቦም ንሮናልዶ መልሲ ሂብዎ'ሎ። “ብርግጽ ኩሉ ዝበሎ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ከረድኦብሉ ንደሊ ግን ብዛዕባ መጻኢ'ዩ። ከም ክለብ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብዙሕ ጌጋታት ገይርና ኢና፡ እንተኾነ ግን ነዚ ክንቅይሮ ንቃለስ ኣለና። ስለዚ ኣብ ሕሉፍ ዘጋጠመ ኣይንተኩርን። ኣብ ኣቃውማ ናይዛ ክለብ፡ ኣገባባት ንጥፈታትና፡ ኣብ ባህርያት ተጻወትትና ክኾንዎ እንደልዮም ንሰርሓሉ ኣለና። ናይ ብሓቂ ድማ ለውጢ ንገብር ኣለና። ስለዚ ንቕድሚት ንገስግስ።” ኢሉ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ማን ዩናይትድ 3:30 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ፉልሃም 6:00 ድ.ቀ

ዌስትሃም - በርንሊይ 6:00 ድ.ቀ

ሳንደርላንድ - ኣርሰናል 8:30 ድ.ቀ

ቸልሲ - ዎልቭስ 11:00 ድ.ቀ

**ላ ሊጋ**

ጂሮና - ኣላቨስ 4:00 ድ.ቀ

ሰቪያ - ኦሳሱና 6:15 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ለቫንተ 8:30 ድ.ቀ

እስፓኞል - ቪላርያል 11:00 ድ.ቀ

**ሰሪ ኣ**

ጁቬንቱስ - ቶሪኖ 8:00 ድ.ቀ

ፓርማ - ሚላን 10:45 ድ.ቀ.

**ሰንበት**

**ፕሪመር ሊግ**

ክሪስታላ ፓላስ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ

ኣስቶንቪላ - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ

ብረንትፎርድ - ኒውካስል 5:00 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ሊድስ ዩናይትድ 5:00 ድ.ቀ

ማንሲቲ - ሊቨርፑል 7:30 ድ.ቀ

**ላ ሊጋ**

ኣትሌቲኮ በልባኦ - ኦቪዶ 4:00 ድ.ቀ

ርያል ማድሪድ - ራዮ ቫልካኖ 6:15 ድ.ቀ

ማሎርካ - ጌታፈ 8:30 ድ.ቀ

ቫለንሺያ - ርያል ቤቲስ 8:30 ድ.ቀ.

ባርሴሎና - ሰልታ ቪጎ 11:00 ድ.ቀ.

**ሰሪኣ**

ቦሎኛ - ናፖሊ 5:00 ድ.ቀ.

ኢንተር - ላዝዮ 10:45 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ሶርያ ዝተኣወጀ እገዳ ተላዒሉ

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኑቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ፡ ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣል-ሻራ ጸኒዑ ዝጸንሐ እገዳታት ክልዓል ዝጠልብ ውሳኔ ከም ዝተቐበሎ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ብኣመሪካ ዝቐረበ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ዝጸደቐ እገዳ ክልዓል ዝጠልብ ውሳኔ፡ እንተላይ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሶርያ ኣናስ ካታብ ጸዲቑ ዝጸንሐ እገዳ ዝምልከት ምዃኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ፡፡

ብመሰረት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘውጽኦ መግለጺ፡ ክልተኦም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ሶርያ፡ ካብ ዝርዝር ኣሶማት ናይ'ቶም ብሕቡራት ሃገራት ዝተኣገዱ ዳዒሽን ኣልቃዒዳን ዝርከቡዎም ኣሸበርቲ ጉጅለታትን ውልቀ ሰባትን ክእለዩ ተወሲኑ ኣሎ፡፡

እቲ እገዳ ናይ ምልዓል ውሳኔ፡ ብ14 ኣባላት እቲ ባይቶ ጸጥታ ተቐባልነት ክረክብ ከሎ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ግን ዘይካ ርእይቶ ካብ ምሃብ ከም ዝተቐጠበት፡ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ገሊጾም፡፡

ዝሓለፈ ግንቦት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ምስ ፕረዚደንት ኣል-ሻራ ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ካብ ዝራኸበ ንደሓር፡ ሕቡራት ሃገራት ኑቲ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ዝጸደቐ እገዳታት ከቃልሎ ብተደጋጋሚ ክጽዕር ምጽንሑ፡ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ዝሓለፈ ሰሙን ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብ ሶርያ ቶም ባራክ፡ ዝመጽእ ሰሙን ፕረዚደንት ኣል-ሻራ ናብ ዋሽንግተን ዲሲ ምብጻሕ ከም ዘካይድ ምሕባሩ ይዝከር፡፡



## ወነንቲ ብርኪ ተስላ፡ ንኢሎን ማስክ 1 ትሪልዮን ዶላር ክህብዎ . . .

ወነንቲ ብርኪ ዓርሞሽሽ ኩባንያ ተስላ፡ ንሓላፊ ናይ'ቲ ትካል ዝኾነ ናይ ዓለምና ዝሃብተመ ሰብ ኢሎን ማስክ፡ 1 ትሪልዮን ዶላር ክኸፍልዎ ከም ዝወሰኑ ተሓቢሩ፡፡

እዚ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ መጠን ክፍሊት፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ዝተኻየደ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ትካል ተስላ እዩ ጸዲቑ፡፡

ብዙሓት ምስቲ ትካል ቅርበት ዘለዎም ወገናት፡ ኑቲ ብኽፍሊ ቦርድ ተስላ ዝተወሰነ መጠን ክፍሊት ከም ዘይቅበልዎ'ኳ እንተ ጠቐሱ፡ ወነንቲ ብርኪ ተስላ ግን፡ እቲ ትካል ንኢሎን ማስክ ክኸስሮ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ እዮም ዘረድኡ፡፡

ኢሎን ማስክ ኣብ ዝስዕብ ዓሰርተ ዓመት፡ 20 ሚልዮን ኤለክትሮኒካዊ ተሽከርከርትን 1 ሚልዮን ሮቦታትን ምስ ዘፍሪ፡ 1 ሚልዮን ባዕለን ዝዘውራ ታክሲ ኣብ ስራሕ ምስ ዘውዕል፡ ኑቲ ትካል ክሳብ 400 ቢልዮን ዶላር ጽሩይ ኣታዊ ምስ ዘኻዕብተሉ፡ ከምኡ'ውን ኑቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን 1.4 ትሪልዮን ዶላር በጺሑ ዝርከብ ዘሎ ዋጋ ዕዳጋ ቴስላ ናብ 8.5 ትሪልዮን ዶላር ክብ ምስ ዘብሎ፡ እቲ ብወነንቲ ብርኪ ተስላ ጸዲቑ ዘሎ 1 ትሪልዮን ዶላር ክፍሊት ክወሃቦ ምዃኑ ተሓቢሩ ኣሎ፡፡

ብመሰረት እቲ ስምምዑ ኢሎን ማስክ ክሳብ ኑቲ ተወጢኑ ዘሎ ዕላማ ዝሃርም፡ ካብቲ ትካል ደሞዝ ኣይክቕበልን እዩ፡፡






## ጃፓን ናብ ቻይና ሰደድ መግቢ ጀሚራ

ጃፓን፡ እቲ ካብ ነሓሰ 2023 ጀሚሩ ብህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ንኽልተ ዓመት ኣብ ልዕሊኣ ጸዲቑ ዝጸንሐ እገዳ ዕድጊ መግቢ ብምብቃዑ፡ ዳግማይ ናብ ቻይና ሰደድ መግቢ ውጽኢት ባሕሪ ምጅማራ ተሓቢሩ፡፡

ኣብ 2011፡ ሱናሚ ኣብ መደበር ንዩክሌሳዊ ጸዓት ፉኩሺማ ዳይቺ ከቢድ ዕንወት ድሕሪ ምውራዱ፡ ጃፓን ኑቲ ካብቲ መደበር ጸዓት ዝወጽእ ረሳሕ ማይ ከተጻርዮ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሻቕሎት ጎረባብቲ ሃገራት ዕሽሽ ብምባል ኣብ ነሓሰ 2023 ናብ ማያት ሰላማዊ ውቅያኖስ ክትጉሕፎ ምጅማራ ይዝከር፡፡

ቻይና ከኣ ንጥዕና ዜጋታታ ብምስጋእ፡ ካብታ ሃገር ክትሸምቶ ዝጸንሐት ዓሳን ካልእ ናይ ባሕሪ ፍርያት መግብን ደው ከም ዘበለቶ እዮም ምንጪታት ዝሕብሩ፡፡



ቻይና፡ ናይ ባሕሪ መግቢ ጃፓን ብዘበዝሒ ካብ ዝሸምታ ሃገራት ኣብ ቀዳሚት እትስራዕ ብምዃና፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ጃፓን ዝጸደቐቶ እገዳ ኣብ ኢንዱስትሪ መግቢ ባሕሪ ናይ'ታ ሃገር ዓቢ ክሳራ ከም ዘስዓበ እዮም ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ዝገልጹ፡፡

ቤይጂንግ፡ ዋላ ኣብ ልዕሊ መግቢ ባሕሪ ጃፓን ኣጽዲቓቶ ዝጸንሐት እገዳ እንተ ኣልዓለቶ፡ ካብ ፉኩሺማን ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝርከብ ትሸዓተ ዞባታትን ግን ንመግቢ ዝገልግል ፍርያት ባሕሪ ከም ዘይትሸምት ኣፍሊጣ ኣላ፡፡

ዋና ጸሓፊ ካቢነ ሚኒስተራት ጃፓን ሚኖሩ ኪሃራ፡ ሃገሩ፡ ቤጂንግ ኣብ ልዕሊ እቶት መግቢ ባሕሪ ፉኩሺማን ከባቢኡን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስጋ ከብቲ ናይ'ታ ሃገር ኣጽዲቓቶ ዝዛላ እገዳ ንኸተልዕሎ፡ ምስታ ሃገር ኣብ ቀጻሊ ዝርርብ ከም እትርከብ ሓቢሩ፡፡

ኣብ 2001፡ ቻይና፡ ብሰንኪ ኣብ ጃፓን ዝኣተወ ሕማም ዕቡድ ላም፡ ካብታ ሃገር ትሸምቶ ዝነበረት ስጋ ከብቲ ደው ከም ዘበለቶ፡ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

## ኢንዶነዥያ - ኣብ መስጊድ ዝተፈንጀረ ነታጒ 50 ሰባት ቀቲሉ

ትማሊ ዓርቢ፡ ኣብ ርእሲ ከተማ ኢንዶነዥያ - ጃካርታ ኣብ ዝርከብ መስጊድ ብዝተፈንጀረ ነትጉ፡ ዝበዝሑ ተመሃሮ ዝርከቡዎም 54 ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ከተማ ሓቢሩ፡፡




ሓላፊ ፖሊስ ኣሰፕ ኤዲ ሱሄሪ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ነትጉ ገና ኣብ ምጽራይ ከም ዝርከብ ድሕሪ ምሕባር፡ ምስቲ ጉዳይ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝተጠርጠረ ሓደ ተመሃራይ ግን ብሰንኪ ዝወረዶ ማህሰይቲ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝርከብ ኣመልኪቱ፡፡

ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ እቲ መስጊድ ሱበከት ኣብ ዝጀመረሉ ሰዓታት፡ ሃንደበት ብርቱዕ ድምጺ ነትጉ ከም ዝሰምዑ ገሊጾም፡፡

ብተወሳኺ እቲ ሓላፊ፡ እቲ ነትጉ ኣብ ትሕተ ቅርጺ ናይ'ቲ መስጊድ ከቢድ ዕንወት ከም ዘውረደ ኣነጺሩ፡፡

## ፑቲን፡ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ክኽልከል ደጊፉ

ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ኑቲ ብተጣበቕቲ ህዝባዊ ጥዕና ኣባላት ባይቶን ዝቐረበ፡ ኣብ መላእ እታ ሃገር ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ንኽይሸየጥ ዝእግድ እማመ ከም ዝደገፎ ሓቢሩ፡፡

ፕረዚደንት ፑቲን ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ሶግራ ኣብ ዝርከብ ማእከል ስፖርትን ትምህርትን ኣብ ዝነበሮ ዑደት፡ መንግስቲ ምስቲ ንእገዳ መሸጣ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ኣመልኪቱ ዝቐረበ እማመ ከም ዝሰማማዕ ገሊጹ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ክንዮ ሕጋዊ እገዳ፡ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ኣብ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ዘለዎም ንቕሓት ክዕቢ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ብመሰረት ኣቤታ ሃገር ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብዚ እዋን፡ ካብ 3.5 ሚልዮን ክሳብ 4 ሚልዮን ሩሲያውያን ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ የትክኹ፡፡

ምስቲ ቀረቡ ዘሎ እማመ ዘይሰማምዑ ወገናት፡ እቲ እገዳ መሸጣ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ፡ ንዘይሕጋዊ ንግዲ ዝደርኽ ምዃኑ ኣጠንቂቖም፡፡

ሚኒስትሪ ፋይናንስ ናይ'ታ ሃገር ብወገኑ፡ ኣብ ልዕሊ መሸጣ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ዝቕየድ እገዱ ዓመታዊ ክሳብ 189 ሚልዮን ዶላር ክሳራ ከስዕብ ከም ዝኽእል ኣተሓሳሰበ፡፡




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 08/11/2025 | ጎደና ኖቐፋ ቁ.223፡ ጥቓ ማርያም ጥቓ ባር ትራስተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565